# ዝኽሪ 50 ዓመት ዕረፍቲ ማድረ ዶዚተያ ቦታኒ



**"ጸዋዕታ ሓደ ዓቢ ጸጋ ኢዩ፡ ብገለ ክትከፍለሉ ይግባእ"**

# መበቆልን መንነትን ማድረ ዶዚተያ ቦታኒ

# ታሪኽ ሕይወት ናይ ማድረ ዶዚተያ

**ማርያ ዶመኒካ ቦታኒ ኣብ ወጋሕታ 31 ግንቦት 1896 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ፒያንካ ዝተባህለት ሓንቲ ንእሽቶ ዓዲ (ቁሸት) ክፍሊ ናይ ቅ. ዮሓንስ ቢያንኮ ዝተባህለት ዓባይ ከተማ ምስ ምምሕዳር ናይ በርጋሞ ካብ ኣቶ በነደቶ ቦታኒን ካብ ወ/ሮ ማርየታ እስተፋኒን ተወልደት። ማርያ ዶመኒካ ዝተወልደትላ መዓልቲ በዓል ናይ ቅድስቲ ስላሴ ተጠምቀት ፣እዚ ዶመኒካ ዝብል ስምውን ሽዑ እዩ ተዋሂብዋ፣ካብ ኣሕዋታ ሳልሰይቲ ዉሉድ ኢያ።**

ስድራ ቤት ቦታኒ ከም ብዙሓት ደቂ ዓዶም ንላቲን ኣሜሪካ ክሰርሑ ተሰዲዶም ብዙሕ ዓመታት መነባብሮኦም ከመሓይሹ ዝጽዕሩ ዝነበሩ ስድራ ኢዮም፣ ብ1878 ዓ.ም. ንዓዶም ተመሊሶም ድሕሪ ምውላድ ዶመኒካ ግንናብ ዝነበርዎ ሃገር ከይተመልሱ ኣብ ዓዶም ናይ ኣባሓጎታቶም ውርሻ ስለዝነበሮም ፣ነዚ እናተጠቀሙ ክተርፉ ወሰኑ።እንዳ ቦታኒ ኣብዛ ንእሽቶ ዓዶም በቲ ዝወረስዎ ሰብ ጸጋ (ሃብታማት)ኢዮም ነሮም፣ሰፊሕ መሬትን(ሕርሻ)ዓቢ ትካል ድካን መሳሊ ነርዎም ኩሉ ነገር ዝሓዘ ብምንባሩ ከኣ ብዙሓት ካብ ደቂ ዓዶም ዳርጋ ኩሎም ክበሃል ይከኣል ብዝተፈላለየ ሞያታት ኣብዚ ትካል እንዳ ቦታኒ ተቖጺሮም ይሰርሑ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

ኣንስቲ ናይዛ ንእሽቶ ቁሸት (ዓዲ) ከኣ ዝከበደ ስራሓት ነይሩወን፣ማለት ከም ዕንጨይቲ ምእካብ ፣ እክሊ ሳዕሪ ምዕጻድ(ምእካብ)፣ ከብቲ ምጉሳይ ፣ ዝሓድራሉ ምጽራይ ፣ኩሉ ዘድሊ ነዘን ከብቲ ምግባር ዝ ኣመሰሉ ብዙሓት ከበቲ ስራሓት እናገበራ ነታ ንእሽቶ ቤትጸሎተን ከጽርያን ክሸልማ በዓላት ክከውን ከሎን ዘድሊ ነገራት ክቀራርባን ግዜ ይረክባ ነረን።

ማርያ ዶመኒካ ብንእሽቶኣ ምስ ኣዲኣ ናብዛ ንእሽቶ ግና ከኣ ዝማዕረገት ቤትጸሎት ኩሉ ግዜ ትከይድ ስለዝነበረት ንስዕሊ ማርያምን ቅዱሳትን ኣብቲ ቤት ጸሎት ተሰቂሉ ዝነበረ ኣተኩራ ብምጥማት ን ስእሊ ተኣምራታዊት ድ.ማርያም ካብ ካለኦት ቅዱሳት ፈልያ ክተለሊ ንምክኣል ናብቲ ተሰቂልሉ ዝነበረ ናብ መንበረ ታቦት ገጻ ወትሩ ተኩራ ትጥምት ነበረት።

ማርያ ዶመኒካ ኣብ 3 ዓመታ ምስጢረ ሜሮን ብኣቡነ ዳቺንቶ ኣርኪ-ኣንጀሊ ዝተባህሉ ንቤተክርስትያን ክበጽሑ ኣብ ዝመጽሉ ግዜ ኣብ ቤተክ/ን ቅ.ዮሓንስ ቢያንኮ ተቀብኤት። ኣብ 7ዓመታ ከኣ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ምስጢረ ንስሓ (ኑዛዜ)ቀረበት፣ ካብኡ ጀሚሩ ከኣ ኣብ ዓመት 5ግዜ

እናተናዘዘት ድሕሪ ጸኒሓ ኣብ 9ዓመታ ንመጀመርያ ግዜ ቅዱስ ቁርባን ተቀበለት፣ሽዑ መዓልቲ ንመጀመርያ ግዜኣ ንኢየሱስ ብምቅባላ ከኣ ዓቢ ሓጎስን ፍስሓን ከምዝተሰምዓ ኣብ ጽሑፋ ንረክቦ።

መዓልታዊ ሕይወት ስድራኣ ይኩን ናታ (ዶመኒካ) ቤተክ/ን ብምምልላስን ቀጻሊ ጸሎት ብምግባርን ዝተሃንጸ ኢዩ ነሩ ክበሃል ይከኣል።ንግሆ ክትንስኡን ምሸት ከኣ ክድቅሱን ከለዉ ጸሎትን መዝሙርን ምግባር ጥራሕ ዘይኮነ ፣ኣብ ግራውቶም ምስወፈሩን ዕለታዊ ናብርኦም እናፈጸሙን ጸሎት መቁጸርያን መዝሙርን ልመናታት ናብ ቅዱሳት(ሊጣንያታት)ከምኡ'ውን ታሪክ ቅዱሳት ምስማዕን ምዝንታውን(ምትራክን) ብግዜ ቁሪ ይኩን ብግዜ ዋዒ ወትሩ ልማድ ናይ እንዳ ስድራ ቤት ቦታኒን ከምኡ ከኣ ናይቶም ምስኦም ዝሰርሑ ዝነበሩ ደቂ ዓዶምን ከምዝነበረ ይንገር ኣብ ጹሑፍ ንረክቦ። በዚ ኩሉ ከኣ ማርያ ዶመኒካ ብንእሽቶኣ ከላ ጸሎትን መዛሙርን ቀልጢፋ ተማህረቶ።

ክሳብ 3ይ ክፍሊ (መባእታ)ኣብ ዓዳ ናይ ቤተክርስትያን ሓደ ክፍሊ ኮይኖም ምስ ዉሑዳት ቆሉዑት ደቂ ዓዲ ምጽሓፍን ምንባብን ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ተማህረት፣ነዚ ኩሉ ትምህሮም ዝነበረት ሓንቲ መምህር ኣብ ትሕቲ ምክትታል ቆሞስ ኮይና ትምህርቲ ክርስቶስ'ውን ትምህሮም ነራ፣ከምዚ ኢላ ዶመኒካ ኣብ ዓዳ ምስ ስድራኣ ከላ ብመንፈስን ብስጋን ተኮስኪሳ ትዓቢ ነበረት።ስድራኣ ንሕይወት ክርስትና ብግቡእን ዘደንቅ ኣገባብን ይነብርዎ ከምዝነበሩ ንደቆም ከኣ ብስነምግባርን ክርስትያንዊ ሕይወትን እናኮስኮሱ ከምዘዕበይዎም ዝምስክር ፡ ዝዓበየት ጓሎም (ፒያ) ኣብ ደናግል ኦርሶሊኒ ደንጊላ ነራ፣ ከምኡ ከኣ ሓንቲ 2ይቲ ውላዶም(ጁስቲና) ብክርስትያናዊ ኪዳን ተመርዕያ ሓዳራ ትገብር ነራ፣ስለዚ ነዛ ዝነኣሰት ዉሉዶም ከኣ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮ ኣገባብ የዕብይዎ ነሮም፣እዚ ኢዩ ከኣ እቲ ን ዶመኒካ እምነ መሰረት ኮይኑ ኣብ ሕይወታ ምሉእ ዘሰነያ መንፈሳውነት።

## ኣብ ኮለጅ ኤንዲነ ምእታው ናይ ዶመኒካ

ዶመኒካ ወላ'ካ እቲ ሕጉስን ጥዑምን ሕይወትን ፍቅርን ስድራኣ ምግዳፍ እንተከበዳ ብምትብባዕ ናይ ወለዳ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ብ 1909ዓ,ም. ብኣቦኣ ተሰንያ ክትመሃር ናብ ሓደ ኮለጅ ናይ ''ደናግል ቅዱስ ልበ ኢየሱስ" ዝተባህላ ኣብ ኤንዲነ ዝተባህለ ንእሽቶ ዓዲ ክፍሊ ናይ በርጋሞ ኣተወት።ኣብዚ ንክልተ ዓመት ምስ ብዙሓት ብጾታ ዳርጋ 70 ኣቢለን ዝኮና ኣዋልድ ደቂ እቲ ከባቢ ኮይና እናተማህረት ዝተፈላለየ መደባት ማለት ናይ ጸወታን ምዝንጋዕን ፣ኢደ ጥበብ(ረካሞ)፣ጸሎት፣ትምህርቲ ክርስቶስ፣ ሱባኤታት፣መጽናዕቲ ዝኣመሰለ መደባት ይሳተፉ ነረን፣ ብሓጺሩ ድልዱል ሰብኣውን ክርስትያናውን ኩስኮሳ ይግበረለን ነሩ፣ምስኡ ከኣ ዝሕግዝወንን ንመንፈሳዊ ዕብየተን ዝከታተልወን ኣባት ነብሲ'ውን

ኣብቲ ኮለጅ ይመጹ ከምዝነበሩ ነንብብ ኣብቲ ታሪክ፣ስለዚ እዚ ኩሉ ንማ.ዶመኒካ ቀዳማይ ዘርኢ ጸዋዕታ ምንኩስና ንኽሓድራ ዓቢ ሓገዝ ከምዝኮና ንርዳእ።

**ዶመኒካ ድሕሪ ክልተ ዓመት ብ 1911ዓ.ም. ካብ ኮለጅ ኤንዲነ ትምህርታ ናይ ኤለመንታረ ወዲኣ ናብ ስድራኣ ናብ ፒያንካ ተመልሰት።**

ማርያ ዶመኒካ ምስ ስድራኣ ኣብታ ንእሽቶ ዓዳ(ፒያንካ)እናመሃረት ዳርጋ ክልተ ዓመት ጸንሔት፣ ኣብዚ ግዜ እቶም ካብ ኮለጅ ጀሚሮም ዝስዕብዋ ዝነበሩ ኣባት ነብሳ ዶን ኣንጀሎ ማዳስኪ ዝብሃሉ ወዲ ፐያ ብጽኑዕን ስሩዕን ይከተተልዋ (ይመርሕዋ)ምንባሮም ኣብ ታሪክ ሕይወታ ነንብቦ ። ኣዚዮም ብመንፈሳውነት ብርቱዕ ካህን ብምንባሮም ንዶመኒካ ኣብ መንፈሳውያን ሓይላት ክትምስረት ፣ካብ ትዕቢት ክትላቀቅ ፣ትሕትና ክትለብስ፣ ብንጽሕናን ተጋድሎን ክትነብር ፣ጾም ጸሎት ወዘተ ክተዘውትር ንወለዳ ብፍጹም ተኣዝዞ ክትእዘዝ፣ ብዓቢ ኣክብሮትን ትሕትናን ክተገልግሎም፣ ከምኡ'ውን ብቀጻሊ ኣብ ሰሙን ብዓቢ ትሕትናን ጣዕሳን ክትናዘዝ፣መዓልታዊ ቅ.ቁርባን ክትቅበል፣ጸሎት ኣስተንትኖን መንፈሳዊ ንባብን ብዝግባእ ክትገብር ኣትሪሮም ይላበዉዋ ነበሩ፣እኻ ደኣ ሓደ ግዜ "ኢየሱስ ብትሕትና ክትነብሪ እዚ ኣብ ርእስኪ ዘሎ ትዕቢት ካብ ስሩ መንቀኒስኪ ክተውጽእዮ ኢዩ ዝደልየኪ ዘሎ. . ."ብምባል ኣብ ትሕትና ክትዓቢ ይጽሕፉላ።ዳርጋ ብንጽሕና ክትነብር ብልባ ንኣምላክ ክትውፈ ይደልይዋን ይምዕድዋን ኢዮም ነሮም።ኣብ ገዛ ንስድራኣ ክትሕግዝ ኩሉ ዘድልዮም ብዘይ ምጉርምራምን ምህካይን ክትገብር፣ ብፍላይ ከኣ ካብ ገዛኣ ወጺኣ ክትምህር ክትከይድ ከላ ኣብታ ዓዲ ትምህር ስለዝነበረት **፣ኣብ ውፉይ ድንግልናዊ ሕይወታ ክትነቅሕ ፣ነዚ ዝጻረር ዘረባ(ዕላል) ክትሰምዕ ወይ ክትዛረብ ብዝኮነ ምኽንያት ጠጠው ከይትብል ኣብ መንገዲ ን ኣንጻር ጾታኣ ዝኮነ ሰብ ተኹራ ከይትጥምት ፣ስራሓ ምስ ወድኤት ቀልጢፋ ንገዛኣ ክትምለስ እምበር ኣብ መንገዲ ምስ ዝኮነ ሰብ ክተዕልል ጠጠው መጠው ከይትብል ብጽኑዕ ይጽሕፉላ ከምዝነበሩ ከምኡ'ውን ንገዳምምእታው እሞ ሕይወታ ን ኣምላኽ ክተወፈ ዘደናጒያ ዘሎ እንታይ ምካኑ ደጋጊሞም ይሓትዋ ቀልጢፋ ክትውስን ከኣ የተባብዕዋ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።**ማርያ ዶመኒካ በዚ ኩሉ ተተባቢዓ ኣብ ገዳም ክት ኣቱ ትምድብ። ኣብዚ ግዜ እዚ ብዙሕ ምስቶም ተፍቅሮምን ዘፍቅርዋን ወለዳ(ስድራቤታ)ከይጸንሔት ጸዋዕታ ሕይወት ምንኩስና ተሰሚዕዋ ወላ እካ ብዕድመ ንእሽቶ እንተነበረት ንገዳም ክትኣቱ ብምትብባዕ ናይ ኣባት ነብሳ ኣብ 17 ዕድመኣ ብ1913 ኣብ ማሕበርና (ደ.ኦርሶሊነዘን.ድ.ማ.ናይጋንዲኖ)ሓተተት። ኣብዚ ገዳምዚ ድሮ ዓባይ ሓፍታ እናቴ ማርቸሊና በታኒ ካብ ሓያሎ ዓመታት ነራ ኢያ፣ስለዚ ኢያ ከኣ ናብዛ ማሕበር እዚኣ ክትኣቱ ዝሓተተት።ሕቶኣ ሰሚዔን ተዘራሪብና ክንጽወዓኪ ኢና ብምባል ንገዛኣ ክትምለስ ከኣ ሓበራኣ።ኣብዚ ግዜ እዚ ጠቕላሊት

ሓለቃ ዝነበራ ማድረ ቪቶሪያ ኣዘላኢየን ነረን፣ ንክቅበላኣ ከኣ ኣየድሓርሓራን፣ምክንያቱ መንፈሳውነታን ብርቱዕ ድልየታን ስለዝተዓዘባን ስለዝተረደኣን።ድርሒ ቁሩብ እዋን ከኣ ቀልጢፈን ጸውዓኣ፣ብዕለት 26 መስከረም 1913 ኣቡኣ (በነደቶ ቦታኒ ወዲ 70 ዓመት)ንዶመኒካ ፍትውትን ሕንሳስ ሊደን (ንግስቲ ገዛና ኢሎም ዝጽውዕዋ ዝነበሩን) ጓሉ ሒዙ ኣብ ጋንዲኖ ዘሎ ገዳም ደ.ኦርሶሊነ ማዕጾ ብምኩሕካሕ እናተደናፈቀ ፍትውቲ ጓሉ የረክባ፣ብጽቡቅ ተቀቢለን ከኣ ንኣቶ ቦታኒ ኣፋነዋኦም። ማድረ ቪቶሪያ ብኢዳ ሒዘን ንዶመኒካ ይጽበያኣ ክምዝነበራን፣ ብዙሓት ተመከርቲ ከምዘለዋን ኢየሱስ ከኣ ፍሉይ መደብ ኣብኣ ከምዘለዎን ስለዚ **ንሳ ቅድስቲ ክትከውን ጥራሕ ክትሓስብን ክትደልን ከምዝግባኣ** እናሓበራ ናብ ኣደ ተመከርቲ (ማድረ ዠዙዊና ሰገሲ)ኣረከባኣ።ምስ 2 ብጾታን 2 ተመከርትን ከኣ ተሓወሰት።

ማርያ ዶመኒካ ንመጀመርያ ግዜ ኩሉ ከምዝከበዳን ዝበርትዓን ብፍላይ ከኣ እቶም ክልተ ዓበይቲ ስድራኣ ይር ኣይዋ ንበይኖም ዝሕግዞም ዘይብሎም ብዙሕ ኣጨነቃን ከበዳን፣እሞ ንመምህራ(ማ.ጀዙዊና) ኣካፈለተን ንሰን ከኣ ''ንመጀመርያ ግዜካ ከምኡ ኢዩ ደሓር ግና ክትለምድዮ ኢኪ ንኩሉ ሰብ ኣብ ምጅማር ከምኡ ኢዩ ስለዚ ኣጆኺ ኣምላክ ፍሉይ ጸጋኡ ቀሪቡልኪ ኣሎ፣እሞ ኣይትጨነቂ፣ ንስድራኺ ከኣ ባዕሉ ክሓስበሎም ኢዩ..''ብምባል ከምዘጸናንዓኣ ባዕላ ትምስክሮ ኢዩ።

ድሕሪ ሓደ ወርሒ ብ25ጥቅምቲ ሰዓት 4፡30ቅ.ቀ ኣብ ቤተክርስትያን ቅ.ማውሮ ኣብ ገዳም ለጊባ እትርከብ ምስ 2 ብጾታ ልብሲ ናይ ፖስቱላቶ ተቀበላ፣ኣብቲ ግዜ እቲ ፖስቱላቶ ን6 ወርሒ ጠራሕ ኢዩ ነሩ ዝጸንህ ዝነበረ ኣብቲ ናይ ተመከርቲ ገዛ ምስ መምህር ናይ ተመከርቲ ኢየን ዝቅመጣ(ዝነብራ) ዝነበራ፣ ከም ኣድላይነቱ ከኣ ካብ 6 ወርሒ ንላኦሊ ይውስክ ፣ከም ኡ ከኣ ኣብ ካለእ ገዛውን ይልኣካ(ይምደባ)ነረን እንተ ኣድለየ ማለት ኢዩ እታ ሓለቃ ገዛ ከኣ ትስዕበን።ማርያ ዶመኒካ ድሕሪ 5 መዓልቲ ምስተን ክልተ ብጾታ ናብ በርጋሞ(ፐንሲዮናቶ)ትምህርቲ ናይ ምምህርና ክቅጽላ ተላእካ፣ ምስተን ኣዋልድ ተመሃሮ (ኮፐለጃንቲ)እናተቀመጣ ክመሃራ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ከኣ ንጋንዲኖ ናብ መምህረን ኣሕዋተንን ክከዳ ብምባል ተመዲቡለን ብማሕበር ተላእካ።ንትምህርቲ ምስ ናይ ፖስቱላንቲ ዲቪዘኤን ኢየን ዝከዳ ዝነበራ (ነዊሕ ጀለብያ ምስ ጸሊም ማንተሎ ኣብ ርእሰን ከኣ ቀጢን ናይ ሓጺን ኣክሊል)ካብተን ኮለጃንቲ ብድቪዘኤን ይፍለያ ነረን፣ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓለቃ ናይ ገዛን ናይ ኩለን ተምሃሮን ከም ኡ ከኣ ናይ ፖስቱላንቲ ሓላፍነት ዝነበራ ማድረ ኢኖቸንተ ማሳ ኢየን ነረን።ንሰን ንኩለን ተምሃሮ ብፍሉይ ከኣ ንፖስቱላንቲ ብዓሚቅ መንፈሳውነት፣ ብመንፈስ ተጋድሎን ትሕትናን ይመርሓኤን ከምዝነበራ ድሒረን ውን ናይ ማሕበር ምሉእ ጠቅልቅሊት ሓለቃ ኮይነን ንብዙሕ ዓመታት ዝመርሓ ርሕርሕቲ ኣደ ኢየን ነረን። ማርያ ዶመኒካ ካብ ብንእሽቶኣ ከላ ዝልተላማመደቶ

መንፈሳዊ ሕይወት ኣብዚ ኣብ ፐንሲዮናቶ ንክትመሃር ዝነበረትሉ ዓመታት፣መዓልታዊ ሕይወታ ብጸሎት ኣስተንትኖ፣መዓልታዊ መስዋእቲ ቅዳሴ ምስታፍ፣ጸሎት መቁጸርያ ምድጋም፣መንፈሳዊ ንባብ፣ናብ ኢየሱስ ቅዱስ ቁርባን ደጋጊምካ ምብጻሕ፣ምሸት መርመራ ሕልና ምግባር. . . .ዝተሰነየ ኢዩ ነሩ።ኣብ ኮለጅ ኤንዲነ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ሓለቃኣ ሓላፊታ ዝነበራ ማ/ረ ፍራንቸስካ ብረጋንቲኒ ዝተባህላ ብጣዕሚ ትፈትወን ዝነበረት ሓንቲ መጽሓፍ “ክንደይ ቀሊል ኢዩ ቅዱሳት ምኳን”ዘር እስታ ከም ብልጽቲ ሂያብ ሂበናኣ ነረን። ዶመኒካ ነዛ መጽሓፍ መዓልታዊ ደጋጊማ ተንብባ ነራ፣ፈጺማ ከኣ ካብ ኢዳ ትፈልያ ኣይነበረትን፣ብቀጻሊ ተንብባን ተስተንትናን ከምዝነበረት ክትጽሕፍ ከላ ከምዚ ትብል ፡ “ጥዑም መግቢ ንነፍሰይ፣ ንመንፈሰይ ከኣ ጥዑም መስተ ኮነኒ” ዶመኒካ ገና ፖስቱላንቲ ከላብ 16 ግንቦት 1914 ከምዚ ኢላ ናይ ቅድስና ቁርጺ ፍቃድ ትጽሕፍ፡”ኣብ 17 ዓመትን 11ወርሕን 15 መዓልትን ዕድመይ ኦ ኣምላከይ ቅድስቲ ክከውን ቁርጺ ፍቃድ እገብር ኣሎኩ “እዚ ኣዝዩ ዓቢ ቈርጺ ፍቃዳ (መደብ ሕይወታ)ንኣቦ ነብሳ ዶን ኣንጀሎ ማዳስኪ ጥራሕ ኢያ ገሊጻትሎም፣እዞም ካህን ኣዝዮም ብርቱዕ፣ ሓቀኛ ፣መንፈሳዊ ቅንኢ ዝነበሮም ንዶመኒካ ከምዚ ኢሎም ይጽሕፉላ “ምስ ርእስኪ ብርቱዕ ውግእ እንተዘይኔርኪ ቅድስቲ ክትኮኒ ብፍጹም ኣይትክእልን ኢኺ፣ምክንያቱ እቲ ኣብ ሓሳባትኪ ዘሎ ኣረኣእያኺ ንዓለም፣ትዕቢትኺ፣ ንኣምላክ ከይትገድፍዮ ኢዩ ዓቢ ስክፍታይ ስለዚ ተጠንቀቒ “ይብልዋ።ኣብ ጋንዲኖ እውን ሓንቲ ቅድስቲ ድንግል ነረን ኢየን ዶመኒካ ናይ ልባ ክትገልጸለን ትክእል መምህራ (ማድረ ጀዙዊና)፣ከምዚ ከኣ ኢላ ትጽሕፍ ፡ “እዚ ዕድመ ንቅድስና ብዙሕ ግዜ ከም ድምጺ ኣምላክ ብኣፍ ማ.ጀዙዊና (መምህርና) ኣብታ ምውቅቲ ገዛ ናይ ፖስቱላንትን ተመከርትን (ጋንዲኖ)ከለና ንኩልና ከምዚ ይብላና ‘’ገርሄኛታት ልቢ ኩና ምስ ኣምላክ ብዘይ ብዙሕ ጥልመትን ክሕደትን ብቀሊሉ ክተሓጉሳኦ ምጽዓር ፍቃዱ ጥራሕ ምፍጻም፣ ንዕኡ ጥራሕ ኢልክን ብምንባር፣ብከመይ ክትቅደሳ ከምዝደልየክን ከይተሰከፍክን ምስ ኣሓትክን ብንጹሕን ቅኑዕን ልቢ እናተመላለስክን ካብ ኩሉ ጉድለታትክን ክትእረማ ጽዓራ . . . .”ልብክን ኣብ ፈጣሪ እምበር ኣብ ፍጡራት ኣይተውድቃ ስለዚ ኩሉ ክትፈልጣ፣ ኩሉ ክትርእያ፣ ኩሉ ክትሰምዓ፣ ኩሉ ክተውርያ፣ ኣይትድለያ፡እዚ ኢዩ መገዲ ቅድስና ” እናበላ መሳጥን ንቅድስና ዘተባብዕን ት/ቲ ካብ መምህራ እናቀሰመት ዶመኒካ መንፈሳውነታ ኣዝዩ ሰማይ ንክዓርግ ናብ ቅድስና ጥራሕ ክተማዕዱ መምህራን ኣባት ነብሳን ኣዝዮም ከምዝሓገዝዋ ኣብ ጽሑፉ(ዲያርዮ) ንረክቦ።

ማርያ ዶመኒካ ኣብ ትምህርታ ብጣዕሚ ንፍዕትን መስተውዓሊትን ስለዝነበረት ካብ 1ይ-3ይ ዓመት ዝተመሃረቶ ብ ኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ከም ዝዛዘመት ብመማህራናን ብጾታን ብዙሕ ናእዳ ከምዝረከበት ይፍለጥ፣(ሊቸንሳ ዲ ኦኖረ)ዝብል ኣብ 3ይ ዓመት ናይ መወዳእታ ትምህርታ (10/10)ዲፕሎማ ናይ

ምምህርና ኤለመንታረ ኣብ ወርሒ ሰነ 1919 ወሰደት። ብመማህራናን ብተምሃሮን ከኣ ኣዝያ ፍትውትን ክብርትን ንእድትን ከምዝነበረት ካብ ጹሑፋ ንረክቦ።እዚ ኩሉ ትምህርታ ብ ዓወት ምዝዛማ  ምስ ብዙሓት ሌላን ምሕዝነትን ደናግልን ዓለማውያን መማህራንን ግና ፈጺሙ እቲ ንሳ ትደልዮ ዝነበረት መንፈሳዊ ብስለትን ቅሳነትን ኣይሃባን፣ገለ ነገር ዝዓበየ ከም ዝጎደላ ኮይኑ ይስምዓ እሞ ከምዚ እናበለት ን9 መዓልቲ 3ግዜ ኣብ መዓልቲ ትጽሊ፡ኣብ ቤተክርስትያን ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ቅዱስ ቁርባን ተምበርኪካ  ከምዚ ትብል "ኦ ኣቦ ምሕረት ዝኮንካ ጎይታ ነዛ ዘይትጠቅም ኣገልጋሊትካ ምሕረት ግበረላ" ነዚ ፈተና እዚ ኣብ ጸዋዕታኣ ምጥርጣር ሓደ መዓልቲ  ነቦ ነብሳ ዶን ማዳስኪ ተካፍሎም እሞ ንሶም ከኣ ብዓቢ ተግሳጽ ከምዚ ይብልዋ፡ " እዚ ፈተና እዚ ካብ ትዕቢትኪ ዝተላዕለ ኢዩ፣ልብኪ ብጽቡቅ ዝለዘይሓለክዮ ኢዩ ፣እወ ካብ ፍቅሪ ርእስኪ ዝመንጨወ እቲ ክፉእ ጸሊም(ሞስትሮ ነሮ)ክትዋግእዮ ዝነበረኪ ኢዩ. . ."እናበሉ ከምዝተቆጡዑላ ትጽሕፍ ዶመኒካ።ንሕና ውን ነቲ ፍቅሪ ርእስና (ሞስትሮ ነሮ) ክነጥፍ ኦ ብዙሕ ጻዕርን ተጋድሎን ጌርና ተቃሊስናዮ እንተንከውን ንሱ ካባና በርቲዑ ከሸንፈናን ክሕምቀናን ምስ ረኣና ተስፋ ቆረጽና።ስለዚ ምጥፍ ኡ ዘይከኣል እኳ እንተኮነ እንተወሓደ ክንዳክሞ ከምዝተዓተቅና ንገልጽ ፣ ነዚ ክፉእ ጸላኢና ክነዋርዶ፣ ክነሕፍሮ፣ክንሰቅሎ ይግባእ፣እዚ ቃላት 'ዚ ብርቱዕን ጨካን ተግባርን ኮይኑ ክስመዓና ይኽእል እንተኮነ ግና ዕሽነትን ገርህነትን ኣጥቂዑና ሽለል ክንብሎ ወይ ክነቃባጥረሉ ምስ እንጅምር ወላ ንሓደ ሳዕ ኣብ ዘሰምብድ ውድቀት ስለዝድርብየና ብቅጽበት ተንሲእና ተቃለስናዮ. . . . "(ድያርዮ)

ኣብ ዓመታዊ ሱባኤ ገና ኣብ ፐንስዮናቶ  እንዳተመሃረት ከላ ዝገበረቶ ቁርጺ ፍቃዳት ኣብ ዲያርዮ ከምንረክቦ፡

1. ኣብ ስራሔይ ቅንዕና፣ ንልበይ ብመንፈሳዊ ቅንኣት ምሕላው
2. ንሕጊ ሕይወት ማሕበር ብምልኣት ምሕላው፣ ብትሕትናን ተጋድሎን ምምልላስ
3. ብዛዕባ ርእሰይ ጽቡቅ ይኩን ሕማቅ  ፈጺመ ከይዛረብ።

ማ.ዶመኒካ ምስ ኩለን ብጾታ ጽቡቅን ሕጉስን ሕይወት ተሕልፍ ነራ  ከምኡ'ውን ምስ መማህራና ፣ኣብ ትምህርቲ ብኩሉ ዓይነት ትምህርትታት(ሳብጀክትታት) ኣዝያ ንፍዕቲ ብምንባራ ዝለዓለ ነጥቢ ኣምጺኣ ዲፕሎማ ናይ ምምህርና ኣብ መባኣታ ብ 03 መጋቢት 1919 ከምዝወሰደት ይፍለጥ። ዶመኒካ ናይ ምምሃር ክእለታ ኣዝዩ ብሉጽን ተፈታውን ከምዝነበረ ኩለን ብጾታ ይምስክራላ፣እዚ ከኣ ካብ ንእሽቶኣ ዝጀመረ ኢዩ ኣብ ገዛኣ ከላ።ብብጾታን ኣዝያ ፍትውቲ ስለዝነበረት ኣብ ምዝዛም ትምህርተን ኩላተን ብጾታ መዘከርታ ናይ ኩለን ኣስማት ዘለዎ ኣልቡም ሃብኣ ኣብ ጸሎታ ክትዝክረን ከኣ ተላበዋኣ፣ንሳ ከኣ

ነዚ ክቡር ሂያብ ኣልቡም ጽቡቅ ጌራ ከም ሓደ ክቡር ንብረት ምስኣ ሓዚቶ ኣብ ጸሎታውን ቀጻሊ ከምትዝክረን ቃል ኣተውትለን ብምድፍናቅ ተፋነዋኣ።

<u>ኣነ እናቴ ማርያምዶዚተያ ዘቅዱስ ቁርባን(ኤውካሪስቲካ)</u>

ትምህርታ ምስ ዛዘመት ዶመኒካ ንቁሩብ ኣዋርሕ ጉዕዞ ፖስቱላቶ ክትገብር ናብ ጋንዲኖ ተመሊሳ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ከኣ ናብ ሕይወት ተመክሮ ብዕለት 02 ጥቅምቲ 1919 ምስ 5 ብጾታ ሓለፈት።ልብሰ ምንኩስና ናይ ደናግል ኦርሶሊነ ጀሮላመ ዘንጽሕቲ ድ.ማ.ናይ ጋንዲኖ ለቢሳ **እናቴ ማርያ ዶዚተያ ዘቅዱስ ቁርባን(ማ.ዶ. ኤውካሪስቲካ) ዝብል ሽም ከኣ ወሰደት፣እዚ ከኣ ዳርጋ እቲ ፍሉይ ፍቅርን ኣምልኮን ንኢየሱስ ቅዱስ ቁርባን ዝነበራ መግለጺ ኢዩ፣ኣዝዩ ምስ ቁዱስ ቁርባን ዝነበራ ፍቅሪ ሰማይ ዝዓረገ ኢዩ ነሩ። ከምኡ'ውን ኣብ ቅ.ዶዚተዮ ጠበቃ ሕሙማት ዝኮነ ቅዱስ ኣዝያ ተክብሮን ብእምነት ከም ሓጋዚ ኣ ትልምኖን ስለዝነበረት ኣብ ጉዕዞ ድንግልናዊ ሕይወታ ኣብነቱ ተከቲላ ዓባይ ቅድስቲ ክትከውን ዝነበራ ሃረርታ ንኸሕግዛ ኢላ ከም ጠበቃኣ ጌራ ካብ ንእስነታ ጓል 7ዓመት ከላ ኣብ ኮለጅ ኤንዲነ ሓላፊታ ዝነበራ እናቴ ፍርንቸስካ ብረጋንቲኒ ዝሃባኣ ቅዱስ ስለዝነበረን ኣማላድነቱ ትኣምን ስለዝነበረትን ኢያ ዶዚተያ** ዝብል ሽም ዝመረጸት።ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ከምዚ ዝስዕብ ኢላ ጸለየት፡ **"ኦ ኢየሱሰይ ብዙሕ ሃረር ዝብለካ ፣ ብተኣማንነት ከገልግለካ ዝደሊ ፍጹም ሓጎሰይ ዝኮንካ ንዓካ ጥራሕ ልበይ ዝብህገካ ፣ ንኩላቶም በዛ መዓልቲ'ዚኣ ዝዝክሮም ክትባርኮም እልምነካ ኣሎኹ. . " እናበለት ብዓቢ ተመስጦ ጸሎታ ናብቲ ኣዝያ ተፍቅሮ ኣምላካ ከምዘቅረበት ኣብ ጽሑፋ ንረክቦ።**

እናቴ ማርያ ዶዚተያ **ዕላማ ውፉይ ሕይወታ ቀልጢፍካ ቅድስቲ ምኳን እዚ ከኣ ብ ኣዝዩ ቀሊልን ገርህን ዝኮነ ኣገባብ፡**

- **ሕጉስ ሕይወት ምውናን፣ -ኣብነት እዚ ቅዱስ (ዶዚተዮ)ተከቲላ ንናእሽቱ ጉድለታታ ከይተረፈ ብእዋኑ ተቃሊሳ ሓይሊ ኣምላክ ተዓጢቃ መዓልታዊ ሕይወታ ብትሕትና ምንባር ኢዩ።**ኢላ ቁርጺ ፍቃዳ ትሕንጽጽ

## " ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ፐያ "

ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ቀልጢፈን ናብ ፐያ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ መባእታ ክትምህር ተላእከት ፣ካብ ጋንዲኖ እናተመላለሰት ትምህር ነበረት፣ እዚ ዩኒቨርሲቲ ተባሂሉ ዘሎ ንቆልዑት ካብ 7-10ዓመት ዘለዎም መባእታ ምስትምሃር ኣብዛ ንእሽቶ ዓዲ ፐያ እትበሃል ኣብ ትሕቲ ጋንዲኖ ዝተደኮነት ሓደ 1000 ዝኮኑ ፋሕ ዝበሉ ነበርቲ ዘለዉዋ ዓዲ ናይ ክቡር ዶን ማዳስኪ ኣቦነብሳ

ንእ.ማ.ዶዚተያ ቦታኒ ኢያ።ኣብዛ ዓዲ እዚኣ ንግሆ ንግሆ እናከደት ትምህር ምሸት ከኣ እናተመልሰት እቲ ዝተመሃረቶ ነቶም ሕጻናት ክትምህርን ክትሕግዝን ክርእያኣ ዝደለያ ጠቅላሊት ሓለቃ ማ. ቪቶሪያ ኣዘላ እየን ኣዚዘን። እ.ማ.ዶዚተያ ንግሆ ክትወፍር ምስ ሓንቲ ድንግል ተሰንያ ትወፍር ነራ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ከኣ 4.30 ምሂራ ንገዳማ (ጋንዲኖ) ትምለስ ነራ።ኣብዚ ግዜ ′ዚ ነቶም ተመሃሮ ካብ 1ይ-3 ኤለመንታረ ብዝግባእ ምንባብን ምጽሓፍን እናመሃረት ዝተፈላለየ ዓይነት ሰብጀክት ጥራሕ ዘይኮነስ ትምህርቲ-ክርስቶስ′ውን ባዕላ ትምህሮም ነራ። ነቶም 2ይን 3ይን ከኣ ተወሳኺ ኢደ ጥበብ′ ውን ትምህሮም ከምዝነበረት እቶም ተመሃሮ ከኣ ብጣዕሚ ሕጉሳት ከምዝነበሩ ንወለዶም ስለዝሓበሩ ገገለ ኣንስቲ′ውን ካብቲ ዓዲ ውዑይ ምሳሕ ሒዘናላ ኣብ ግዜ ፋዱስ ይመጻ እሞ ዶዚተያ ከኣ ነዚ ኣተን′ውን ትምህረንን ትሰምዔንን ከምዝነበረት ባዕላተን ዝመስከሮኦ ሓቂ ኢዩ፣

- ገለ ካብቲ ተመሃርታ ዝነበሩ ዝሃብዎ ምስክርነት ብዛዕባ እ.ማ.ዶዚተያ፡ ′′ብሓቂ ጥዕምትን ሓቃልን ኢያ ነራ ንኩልና ብትዕግስቲ ትምህረናን ትሰምዓናን ነራ ′፡ሓንቲ ካልእ ከኣ "እ.ዶዚተያ ክልተ ዓመት ናይ ኤለመንታረ መምህረይ ኢያ ነራ ወላ ሓንቲ መዓልቲ ′ኳ ተቆጢዓ ሰሚዔያ ወይ ርእየያ ኣይፈልጥን፣ ዝተቀደድ ቤሎና ናይ በዓል ልብስና ከይተረፈ ክንሰፊ ትምህረናን ተርእየናን ነራ፣ ቀዳም ቀዳም ከኣ ንኑዛዜ ትቅርበና ነዊሕን ዓሚቁን መርመራ ሕልና ክንገብር ከኣ ምሂራትና፣ መዓልታዊ ቅ.ቁርባን ክንቅበል ከኣ ተተባብዓና ነራ፣ ብዙሕ ነገራት ኢና ተማሂርና ካብዛ ድንግል እዚኣ፣ ኣብ ጸሎትውን "ጽቡቅ ክንጽሊ እንተደሊና ቆሉዑት ዓይንና ንታሕቲ ክጥምታ ኣእዳውና ጠርኒፍና ልብና ናብ ኣምላክ ንግበሮ" እናበለት ብጽሞና ክንጽሊ ምሂራትና፣ ፍሽኽታ ካብ ከናፍራን ሓጎስ ካብ ገጻን ኣይፍለን ነሩ "ትብል ሓንቲ ካብ ተመሃርታ ዝነበረት ።

እ.ማ.ዶዚተያ ምምህርና ይፍተዋ ስለዝነበረ ኵሉ ግዜ መምህር ኮይና ክተገልግል ኢያ ትደሊ ዝነበረት።ኣብ ፐያ እናመሃረት ኣባት ነብሳ ዶን ማዳስኪ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ረኺባቶም ከም ቀደማ ልባ ከፊታ ክተዛርቦም ኣይጸገማን፡"ንዓይሲ ካብቲ ቀደም ኣብ ኤንዲነ ዝነበርክዎ መሊሰ ንድሕሪት ዝተመለስኩ ይመስለኒ ከምቲ ሽዑ ግዜ ሕጉስቲ ኣይኮንኩን ዘሎኩ ኣምላክ ከኣ ብ ኣይ ሕጉስ ኣይመስለንን ስለዚ እንድዒ ትዕቢተይን ፍቅሪ ርእሰይን ከሸንፍ ብዘይምክ ኣለይ ፣እምንቲ ኣገልጋሊቱ ብዘይምኳነይ ይቀጽዓኒ ኣሎ. . . "እናበለት ንዶን ማዳስኪ ምስ ገለጸትሎም ንሰም ግን ኣብዚ ግዜ እዚ ብጣዕሚ ለዋህን ህዱእን ኮይኖም ምናልባት ስለዝሸምገሉ ይኮኑ ′′ኣጆኺ ኢየሱስ ምሳኺ ኢዩ ንሱ ብምሕረት ሃብታም ኢዩ ፡ስለዚ ጌጋኺ ምስተረዳእኺ ይቅረታ ምስትሓትዮ ቀልጢፉ ኢዩ ዝምሕረኪ፣

ኣይቀጽዓክን ኢዩ ንስኪ ጥራሕ ብምሉእ ልብኪ ኣፍቅርዮ ባዕሉ ክሕግዘኪ ኢዩ ነዚ ፈተናታት ክተሸንፊ "እናበሉ ኣባታዊ ምኽሮምን ከምዝለገሱላ ኣብ ጹሑፋ ንረክቦ።

- -ኣብ ጹሑፋ ከምዚ ዝብል ንረክብ **ኣንጻር ትዕቢት :" መንፈስ ተጋድሎ፣ፍቅሪ ንስራሕ ወላ ንሓደ ስዓት ይኩን ነታ ሰዓት'ቲኣ ኣፍቅርያ፣ ብጉድለት ካለኦት ዘይምግራም፣ ንኩለን ብዓቢ ኣክብሮት ወትሩ ምጥማት፣ ሕቡእ ሕይወት (ስራሕ) ምፍቃር፣ግቡእካ ብዓቢ ተጋድሎን ተወፋይነትን ምግባር፣ ዝከብደካ ነገር ብዘይ ገለ ምጉርምራም ምስራሕ፣ ብስቅታ ምስቃይ፣ ብውሽጥካ ኣንጻር ድካምነትካ ምቅላስ**"ብምባል ንርእሳ ትዛረብ ከምዝነበረት ኣብ ጽሑፋ ነንብቦ።

ዶመኒካ ንድካታት ሓረስቶት ፍሉይ ቆላሕታ ነሩዋ፣ ከምዚ ከኣ ትብል፡"ኢታሊ ዓባይን ብርትዕትን ሃገር ወላ እኳ እንተኮነት ድካ ኢያ፣ስለዚ ብሓቀኛ ሃብቲ ንምህብታማ ሃረርታ ይመጸካ፣እዚ ከኣ ፍቅሪ ንሃገርካ ክህልወካ ከሎ ኢዩ።ኣነ ብጣዕሚ ዘሕዝነኒ መሳኪን ሓረስቶት ርሂጾምን ጽዒሮምን መሬት ዝኣክል ስለዘየፍርየሎም ዓዶምን መሬቶምን ገዲፎም ናብ ካለእ ሃገር ናብ ስደት የምርሑ፣ይርድኣኒ ኢዩ ጸገሞም ሓቆም ኢዮም ፣ኣነ ዘይቅበሎ ግን እቶም ጽቡቅ ናብራ ዘለዎም ሰብ ጸጋ ንምንታይ ነዞም ድካታት ሓረስቶት ዘይሕግዝዎም፣ብተዘዋዋሪ ናይ ስደቶም ምኽንያት ዝኮኑዎም እዞም ሃብታማት ኢዮም ኢየ ዝብል፣ወላ እኳ ኣብ ሃገሮም እንተተቀመጡ ፍቅሪ ሃገሮም የብሎምን ክብል እደፍር፣ ምኽንያቱ ን ኣሕዋቶም ካብ ስደት ኣብ ዓዲ ዓና ንከይከዱ ዝከኣሎም ዝለዘይገበሩ ፣ነዞም ሓረስቶት ካብ ንሃገሮም ምርጋም ስለዘየድሓንዎም።ስለዚ እቶም ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ስደት እዚ እዞም ሰብ ጸጋ ዝበልናዮም ኢዮም ስለዘይሓገዙዎም ፣በዚ ምኽንያት እዚ እቲ ዘለዎ ንዘይብሉ የካፍል እዚ ከኣ ኢዩ ሓቀኛ ሰብ ኣውን ክርስትያናውን ፍቅሪ ዝበሃል እናበለት ዛዕባ ድኻታት ሓረስቶት ናብ ስደት ዘከዶም ምኽንያት ዘይክርስትያናዊ ኣገባብ ናይቶም ሃብታማት ምኳኑ ኣትሪራ ትጽሕፍ ።

## ኣብ ተመክሮ ከላ ትገብሮ ዝነበረት ተጋድሎ

እናቴ ማ. ዶዚተያ ናይ ክልተ ዓመት ተመክሮኣ ብግቡእ ትጅምር ልብሲ ተመክሮ ዝነበረ፡ናይ ላና ጸሊም ክዳን፣ ጸሊም መንጠሊና(ማንተሎ) ኣብ ትሕቲ ክዳን ዝእሰር ጻዕዳ መንዲል፣ ጸሊም ወይ ብሉ

ግርምቢለ፣ ጸሊም ቆቢዕ፣ ጸሊም ካልሲ፣ ጻዕዳ ቤሎ፣ መስቀል ናይ ሕዝንቲ ድንግል ምስሊ ዘለዎ ጸሊም ገመድ(ኮርዶንቺኖ) መእሰሪኡ ኢዩ ነሩ ኣብቲ ግዜ 'ቲ ድቪዛ ናይ ተመከርቲ።

መምህር ናይ ተመከርቲ ማድረ ጀዙዊና ሰገሲ ክትኣቱ ከላ ኣብ ጋንዲኖ ዝተቀበላኣ ከምኡ'ውን ንነዊሕ ዓመታት ናይ ምምህርና ትምህርታ ዝተከታተላኣ ድሮ ካብ ቀደም ጀሚረን ኣብነት ናይ ኩለን ደናግል ዝነበራ ዓባይ ኣደ ንተመከርቲ'ውን ኣርኣያ ዝነበራ ኣደ ኢየን ነረን። እናቴ ማ.ዶዚተያ ከምዚ ኢላ ትጽሕፍ ብዛዕባ መምህራ፡ " ቅድስና ናይ ማድረ ጀዙዊና ንዓይ መዓልታዊ ትምህርትን ኣብነትን እናኮነ ዝነበረኒ ጸገምን ፈተናን ኩሉ ኣብ ልበን ንመንፈሰይ(ነብሰይ)የራግፎ ነረ፣ንሰን ብቃለን ጥራሕ ዘይኮነስ ብሕይወተን ኣብነት ናይ ጸሎት ብምዃነን ክጽልያ ከለዋ መልኣኽ ኮይነን ይርኣያኒ ነረን ፣ዓቢ ትሕትና ዝመልኦ ጥበብ ከምዚ እናበላ ይምህራና :"መን ዝጽሊ ኩሉ ነገር ካብ ኣምላኽ ማለት ሓይሊ፣ ብርሃን፣ ጸጋ ብዙሕ ንከፍቅር፣ዓቅልን ትሕትናን ቅዱስ ንምኻንን ካብ ኣምላክ ይቅበል ስለዚ ኣብ ጸሎት ተጸመዳ " (ማድረ ጀዙዊና)

- ዘይጠቅምን ዘይሃንጽን ዘረባ፣ ዘየድሊ ውጥምና፣ብቀሊሉ ካብ መንፈስ ተኣዝዞ ምጉዳል፣ ሰዓታትካ ዘይልሕላው፣ርእስካ ዘይምግታእ ወላ ኣብ ናእሽቱ ነገራት ካብ ሕጊ ወላ ንእሽቶ ነገር ምጉዳል፣ከም ከቢድ ሸከም ኮይኑ ምሽካሙ ንስእን ነርና ምክንያቱ እዚታት ኩሉ ንኢየሱስ ምብዳልን ምሕዛንን ስለዝኮነ።
- ጸሎት ኣስተንትኖ፣ ውዕውዕ መንፈስ ጸሎት፣መስዋእቲ ቅዳሴ ምስታፍ፣ መዓልታዊ ንኢየሱስ ቅ.ቁርባን ምቅባል፣መንፈሳዊ ንባባት ምዝውታር፣ሓቀኛን ቅኑዕን መንፈስ ጣዕሳን ኑዛዜን . . . እምነ መሰረት ናይ ፍጽምና (ቅዱስ ሕይወት) ከምዝኮኑ፣ እ.ማ.ዶዚተያ ትጽሕፍ(ዲያርዮ)፣ቀጺላ ከኣ ከምዚ ትብል፡"በቲ ኩሉ ንገብሮን ንነብሮን ዝነበርና መንፈሳውነት ንውግእ ዘይኮነስ ንዓወት ዝተዳሎና ኮይኑ ይስመዓኒ ኔሩ።"እዚ ኩሉ መንፈሰውነትን ሕይወት ቅድስናን ካብተን ጩራ ብርሃን(ብርሃን ወጋሕታ)ኢየን ዝጽውዔኤን ዝነበራ ንመምህረን (ማድረ ጀዙዊና ሰገሲ) ከምዝቀሰመቶ ኢያ እ.ማ.ዶዚተያ ትምስክር።

## Attende tibi ! ንርእስኪ/ካ ተጠንቀቂ/ቅ

እናቴ ዶዚተያ ኣብ መወዳእታ ናይ ተመክሮ ግዜኣ ንመጀመርያ መብጽዓ ኣብ ትቀራረበሉ ዝነበረት እዋን ልባዊ ሓሳባ ንምግላጽ :"ኣብ ልቢ ኢየሱስ ምእታው ከም ሓደ ናይ ፍቅሪ እቶን፣ ናይ ፍቅሪ

እስረኛ፣ ሓደ ትምህርቲ ናይ ምፍቃር ፣ ከም ናይ ፍቅሪ ዕድመ ፣ ነቲ ብልብካ ኣዚካ ተፍቅሮ መፍቀሪኻ ኣብ ቤቱ ንዘል ኣለም ምስ ኹን ኣብ ኹን ምንባር ኣየ ክንደይ ዘሓጉስ ኢዩ !!"እናበለት ዝተሰምዓ ሓጎስ ትገልጽ ኣብ ጽሑፉ።

እ.ማ.ዶዚተያ ቀጻሊ ቃልሲ ምስ ጉድለታታ እና ኣካየደት ግና ኣብዚ ግዜ እዚ ፍሉይ ሓጎስን ቅሳነትን መሊእዋ ፍሉይ ኣየር ክተተንፍስ ትጅምር። ነዛ ናይ ቅ.ጳውሎስ ንጢመተዎስ ዝበሎ ቃል **(ኣተንደ ቲቢ -ባዳ ኣተ ስተሳ)'ንርእስካ ተተንቀቅ''**! ከም መሪሕ ሕይወታ ወሲዳ ማለት **ንኣምላክ ብዝግባእ ምፍላጡ፣ ምፍቃሩ፣ ከምቲ ዝግብኦ ምግልጋሉ**፣ከምኡ ከኣ **ጉድለታትካ ምእራም መንፈሳውያን ሓይላት ምድላብ፣ነቲ ዕላማ ጸዋዕታካ እናጠመትካ ብምልኣት ምንባር፣ነቲ ኣምላክ ኣባኻ ዘለዎ መደብ ክትትግብር፣ ጸጋ- ኣምላክ ክትቅበል . . ነዚ ኩሉ ንምትግባርን ንምኂንን ኢዩ ንርእስካ ተጠንቀቅ ዝብል ጠቅሲ ዝመረጸት።**

ዕለት መጀመርያ መብጽዓ ን 3 ጥቅምቲ 1921 ተመዲቡስ መቀራረቢ ናይ 10 መዓልታት ሱባኤ ይገብራ ነረን፡ኣብዘን መዓልታት እዚኣተን እ.ዶዚተያ ንሕጊ ማሕበራ ክንደይ ግዜ ኣንቢባቶን ኣስተንቲናቶን ትከውን። ንኣምላክ ብምልኣት ብምውፋይ ንኣሕዋትካ ምግልጋል ክንደይ ጥዑም ኢዩ እናበለት ን3ተ ምኽሪ ወንጌል (ድኽነት፣ተኣዝዞን ንጽሕናን)ብዓቢ ተመስጦ ተስተንትኖ ከምዝነበረት ኣብ ጹሑፉ ንረክቦ።

-ንድኽነት፣ ንንጽሕናን ንተኣዝዞን ንርእስካን ድልየታትካን ንዘሎካን ክህልወካ ንዘለዎን ኩሉ ነገራት ብፍጹም ምናኔን ክሕደት ርእስካን ንኣምላክ ምውፋይ ክንደይ ዓቢ ጸዋዕታ ምኺኑ ብምስትንታን ንኣምላክ ተመስግን።

- ተኣዝዞ ፍጹም መስዋዕቲ ርእስካ ኢዩ፣ 4 ነገራት ከኣ ከጠቃልል ኣለዎ ብግቡእ ንምንባሩ፡ **ድሉው፣ ምሉእ፣ዕዉር(ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት)፣ንኹሉን ክከውን** ይግብኦ።በዚ ሓሳብን ርድኢትን 'ዚ እ.ዶዚተያ እቲ ካብ ንእስነታ ጀሚሮም ኣባት ነብሳ ዝብልዋ ዝነበሩ ንሳውን ወትሩ ትቃለሶ ዝነበረት ትዕቢታን ፍቅሪ ርእሳን በዚ መብጽዓታት'ዚ ጌራ ክተሸንፎ ንኣምላክ ከኣ ከም ጥዑም ሽቶ መስዋእቲ ጌራ ክተቅርበሉ ዓቢ ሃረርታን ድልየትን ሓደራ።

-በዚ መንፈስ'ዚ ድሕሪ ምቅርራብ ምስ 5ተ ብጾታ ብ**03 ጥቅምቲ 1921 ዓ.ም. ኣብ ቤተክርስታያን ቅ.ማውሮ ጋንዲኖ ገዛ ማድረ ናይ ደናግል ኦርሶሊነ ብዘይ ብዙሕ ምውዕዋዕ (ብሕት ብዝበለ መንፈስ) ኣብ ኢድ ሓዳስ ጠቅላሊት ሓለቃ ማሕበር ተመሪጸን ዝነበራ ማድረ ኢኖቸንተ ማሳ ናይ መጀመርያ መብጽዓኣ ገበረት ።** እ.ማ.ዶዚተያ እዚ ዝገበረቶ ማሕላ ወላ እኳ

ብሕጊ ቤተክርስትያንን ማሕበርን ንሓደ ዓመት ትበል እምበር ብልባስ ንወትሩ እየ ናትካ ኢላ ከምዝተወፈየት ኢያ ትገልጽ ኣብ ጽሑፋ።በዚ ወፈያ'ዚ ንኩላተን ደቂ ማሕበራን ንኩላቶም ኣባላት ቤተክርስትያንን ክተፍቅር ከምዝመሓለት ብምርዳእ **'ኦ ጎይታይ ቀልጢፍካ ቅድስቲ ግበረኒ ኣነ ናትካ ጥራሕ ክከውን ኢየ ዝደሊ ስለዚ ከኣ ወይ ኩልንትናይ ንዓኻ ወይ ሞት ይሕሸኒ! ፍርቀ-ፍርቂ ክከውን ማለት ቁሩብ ናትካ ቁሩብ ከኣ ናተይ ክከውን ኣይደልን፣ወይ ኩልንትናይ ናትካ ወይ ከኣ ሞት!** እናበለት ከምዝጸለየት ኣብ ጽሑፋ ነንብቦ።

## <u>ወይ ኩልንትናይ ናትካ ወይ ሞት ይሕሸኒ(O tutta tua, o morta)</u>

እ.ማ.ዶዚተያ እዚ ቁርጺ ፍቃድ'ዚ ቅድሚ መብጽዓ ምግባራ ንኢየሱስ ብነዊሕ ጸሎት ኣሰንያ ዝገበረቶ ቃል ኢዩ።ከምዚ ኢላ **ጸለየት፡"ኦ ኢየሱሰይ ፍትወይ፣መግቢ ሕይወተይ፣ ኣሎኒ ዝብሎ ሃብተይ፣ ኩሉ ጽቡቀይ ኣብዛ ምድሪን ኣብ ዘለኣለማውነትን ፣በዚ ኣብዛ ምድሪ ዝገብሮን ዝሳቀዮን ምእንቲ ፍቅርኻ ብዘይምግባረይ ከየጒሀየካ ኢድካ ኣንብረለይ፣ኩሉ ንክብርኻን ንፍቅርኻን ንቅድስናይን ኢለ እናገበርክዎ ከምዝነብር ግበረኒ፣ ኢየሱሰይ ሕይወተይ መዝሙር ናይ ፍቅርኻን ምሕረትካን ይኹነለይ.** . . "እናበለት ትጽሊ ኔራ፣ መዝሙር ናይ ፍቅርካ . . ይኩነለይ ክትብል ከላ ብትሕትና ፣ብተኣዝዞ፣ብፍቅሪ ዝተነድቀ (ዝተመስረተ) ሕይወት ክኾነላ ብምምናይ መዓልታዊ ቃልሳ ንናእሽቱ ጒድለታታ ኣብ ፍቅሪ ትሕትና ክትመሓየሽ ብርቱዕ ጻዕሪ ትገብር ከምዝነበረት ከኣ ዝሕብር ኢዩ።

-እ. ማ.ዶዚተያ ምስ ኢየሱስ ዓሚቕ ርክብ ክትገብር ወትሩ ኣብ ጸሎት **"ኦ ኢየሱሰይ ፍትወይ ምሕረት ግበረለይ ኣነ ትዕቢተኛ ንክብሪ ርእሰይ ኢለ ዝሰራሕክዎ ብዙሕ ኢዩ፣ነቶም ብሓደራ ዝሃብካኒ ንጹሓት ሕጻናት ምስተ ጋገዩ ቀልጢፈ ዘይመሓርኩ ጨካን ሰብ ኢየ፣ ብትዕቢት ዝተነፋሕኩ ንክብረይ እምበር ንኽብርካ ዘይሰራሕኩ ኢየ እሞ መሓረኒ፣እቲ ኩሉ በደልን ስቃይን ካብቶም ካለኦት ሓጥኣን ኣይኮንካን ጥራሕ እትቅበሎ፣እንታይ ደኣ ካብቶም ዝያዳ ዘፍቀርካዮምን ናባኻ ዝተወፈዩን ሰባት'ውን ኣብ ዝሃብናዮ ቃል እሙናት ብዘይምኳን በዲልናካ ኢና እሞ. . . መሓረና ፣ምእንቲ ካሕሳ ናይ'ዚ ኩሉ ሕይወተይ ኣወፍየልካ ፍትወይ . . . በጃካ ንሕይወተይ ቀጻሊ ጸሎት ግበረለይ**"እናበለት ኣንዊሓን ብዓቢ ተመስጦን ከምዝጸለየት ኣብ ጽሑፋ ንረኽቦ።

ድሕሪ መብጽዓ ምግባራ ኣባል ማሕበር ደናግል ኦርሶሊነ ናይ ጋንዲኖ ኮይና ኣብ ፐያ እናተመላለሰት ንቁሩብ እዋን ምምሃር ቀጸለቶ፣ ቀዳመ ሰንበት ከኣ ንመንእሰያት ደቀንስትዮ ናይ ቁምስና ፐያ

ትምህርቲ ኔራ። ከምዚ ኢለን ከኣ ይምስክራ ብዛዕባኣ ***፦"እ.ዶዚተያ ብጣዕሚ ተንቀሳቅስ ፣ሕይወት ዘለዋ፣ ጥዕምቲ ምስ ኩልና፣ንኩሉ ብዘይ ምፍልላይ ብሓደ ዓይኒ እትርኢ ፣ተዘምረናን ተጻውተናን ብእናታዊ ፍቅሪን ብትሑት መንፈስን ኮፍ ክንብል ቃል ኣምላክ ክንሰምዕ ትዕድመናን እሞ ብዛዕባ ኣምላክ ኣባና ዘለዎ ፍቅሪ፣ ንኩልና ከምዘፍቅረና ብፍላይ ከኣ ነቶም ሓጥ ኣንን ርጉማትን የፍቅሮም ኢዩ፣ስለዚ ንኢየሱስ ኣብ ቤተክርስትያን ኬድና ክንሰግደሉን ምሕረት ክንሓቶን ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅዳሴ ክንሳተፍ ትዕድመናን ትምህረናን ኔራ፣ ስለዚ ናይ ብሓቂ ኣደን መምህርን ኢያ ኔራ. . .*** "ይብላ ካብ ተምሃርታ ዝነበራ።

## መምህር ኣብ ኪኞሎ

ኣብ ግዜ ዓመታዊ ሱባኤ ጠቅላሊት ሓለቃ ማ. ኢኖቸንተ ማሳ ንእናቴ ማ. ዶዚተያ ናብ ካለእ ኮሙኒታ ተቀይራ ክትከይድ ምኺና እናሓበራ ብዙሕ ምክርታትን ማዕዳታትን ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ተዛረባኣ፥ " ኣብቲ ትከድዮ ቦታ ን ኣሕሉቅ ክተክብርየንን ክትእዘዝየንን ክተፍቅርየንን ግቡእኺ ኢዩ እታ ሓደራ ዝብለኪ ከኣ ጽምዋ ፍተዊ ናብቲ ዘፍቅረኪ ኣምላክ ኣቢልኪ ክትሓስቢ ስለዝሕግዘኪ ናብ ገዛእ ርእስኪ ውሽጥኺ እተዊ ብዙሕ ኣይትዛረቢ እንተተዛረብኪ ከኣ ሓጺርን እቲ ዘድልን ጥራሕ ይኹን፣ ኩሉ ዝወሃበኪ ስራሕ (ኣገልግሎት)ማሕበር ብዘይ ምግርምራም ብሓጎስን ዓቢ ተጋድሎን ግበርዮ፣ ብፍቅሪ ኣሕዋት ከኣ ንበሪ. . ." እናበላ ብዙሕ ምክርን ናይ ኣደ ማዕዳን ሃበኣ ንመጀመርያ ግዜኣ ናብ ኮሙኒታ ትወጽእ ስለዝነበረት ኢየን ከምኡ ኢለን ዝመከራኣ።እ.ዶዚተያ ናብ ዝተመደበላ ሓድሽ ንእሽቶ ኮሙኒቲ ብሓጎስ ከደት ኣብዚ ቦታ ህላዌ ደናግል ኦርሶሊነ ናይ ጋንዲኖ ካብ 1902 ዓ.ም.ኣትሒዙ ኣዚሎን (መዋእለ- ሕጻናትን )ቅድን- ስፌትን እናመሃራ የገልግላ ነበራ ፣ኣባላት ከኣ 3 ደናግልን ሓለቃን 4 ኢየን ነረን ዶዚተያ ምስ መጸት 5 ኮይነን።

እ. ዶዚተያ ኣብ ቤት ት/ቲ ናይ መንግስቲ መባእታ(ኤለመንታረ) ክትምህር ኢያ ተላኢካ ዝመጸት። ኣብዚ ቦታ'ዚ ብዓቢ ተወፋይነትን ፍቅርን እናመሃረት ኣብ ገዛውን (ኮሙኒታ)ትሕግዘን ነራ ፣ንሳ እታ ብዕድመ ይኩን ብ መብጽዓ ዝነኣሰት ካብታ ኮሙኒታ ብምንባራ ንዝኮነ ስራሕ ክትገብር ድሕር ኣይትብልን ነራ፣እተን ኣሓት'ውን ብመንፈስ ትሕትናን ፍቅርን ተጋድሎን ዝተዓጥቃ ስለዝነበራ ንእ.ማ. ዶዚተያ ዓቢ ኣርኣያ ከምዝኮናኣ ባዕላ ትምስክሮ ሓቂ ኢዩ፣ኣብዚ ዓዲ (ኪኞሎ) እ. ማ. ዶዚተያ ካብ ገዛ ናብቲ ቤት ትምህርቲ እናተመላለሰት ክትምህር ጀሚራ፣ ብፍሉይ ህያባታ ንምምሃር ዝነበራ መንፈስ መሃዝነታን ኣብ ኩሉ ብጣዕሚ ዝነኣድ ኣገባብ ኣመሃህራን ፍቅርን እናርኣየት ብተመሃሮኣን ብወለዶምን ብዙሕ ናእዳን ክብርን ረከበት።"ናይ በሓቂ እዛ ድንግል'ዚኣ ምርካብና ዓቢ ዕድል ኢዩ

ንደቅና ካብ ኩለን ፍልይትን ቅድስትን ኢያ ፣ ዘለዋ ውዕዉዕ መንፈስ መወዳእታ የብሉን . . . "እናበሉ እቶም ደቂ'ቲ ዓዲ ሓጎሶም ይገልጹ ነበሩ፣ ብዙሓት ጥዑማት ደናግል ሪኢና ከምዚኣ ግና ፍጹም ኣይርኣናን እናበሉ ይዛረቡን ነንሕድሕዶም የዕልሉን ምንባሮም ይፍለጥ። ወትሩ ፍሽኽ ምስ በለት (ወትሩ ሕጉስቲ)፣ጥዕምቲ ጽንዓት ዝመልኣ ዘይትቁጣዕ ኣብ ኣመሃህራኣ ብጣዕሚ ንፍዕቲ ።

-ነቶም ድክም ዝበሉ ተመሃሮኣ ንበይኖም ኣትሪፋ፣ግዜኣን ጉልበታን ከይቆጠበት ተረድኦም ዝነበረት ሕያወይቲ ኣደን መምህርን ከምዝነበረት ይምስክሩ። ንሳ ነዚ ኩሉ ምእንቲ ክብሪ ኣምላኽን ጠቕሚ ተምሃሮኣን ኢላ ትገብሮ ዝነበረት፣ ኣብ ኮሙኒታ ከኣ ካብ ት/ቲ ነጻ ኣብ ዝኮነትሉ ብዙሕ ትሕግዝ ነራ ፣ብፍላይ ኣብቲ ትሑትን ንዑቅን ኮይኑ ዝርኤ ስራሓት ንሳ ቀዳመይቲ ተሓጒሳ ትገብሮ ከምዝነበረት ይፍለጥ፣ ቀዳመ ሰንበት ከኣ ኣብ ቁምስና ት/ቲ ክርስቶስን መዝሙርን ንመንእሰያትን ተምሃሮን ወለድን ትምህር ስለዝነበረት ደቂ ቁምስና ኩላቶም ተሓጒሶም ናታ ጥዑም ቃል ክሰምዑ ብዙሓት ይመጹ ነበሩ።ከምዚ ኢሎምውን ይምስክሩ፡ **"እ.ማ.ዶዚተያ ሕጉስትን ዓቃልን ስለዝነበረት ኩላትና ተምሃሮን መንእሰያትን ክቢ ንከውን 'ሞ ንሳ ከኣ ብዘደንቕ ኣገባብን ክእለትን ንቅዱስ ወንጌልን ሕይወት ድንግል ማርያምን ክትገልጸልና ከላ ኣፍና ሃሀ ኣቢልና ኢና ንተርፍ ኔርና፣ኣዝያ ብፍሉይ ክእለት ናይ ምስትምሃር ዝተሸለመት ኢያ ኔራ ክንብል ንደፍር"** ይብሉ ተምሃሮኣ ዝነበሩ።ኣብ ሓጺር እዋን እ.ማ.ዶዚተያ ብተመሃሮኣ፣ብኣዴታት፣ኣበታት ናይታ ዓዲ ዓቢ ኣድናቆትን ክብርን ኣጥረየት፣ከምዚ ብምባል ከኣ ይገልጽዋ፡**"ክትምህር ከላ ፍሉይ ክእለት ስለ ዝነበራ ውሽጥኻ ኢዩ ዝትንክፈካ፣እትምህሮ ት/ቲ ክርስቶስ ንዓበይቲ ይኹን ንናእሽቱ ፍሉይ ለውጢ ሕይወት ንኽንገብር ዓቢ ተራ ነይርዎ፣ ገለ ፍሉይ ህያብ ኣለዋ፣ቅድስቲ እናቴ ክትከውን ኣለዋ. . . "**

## ቅድስቲ ክትከውን ኣለዋ (Deve essere una santa suora)

-ነዚ ዘመስክር እ.ማ.ዶዚተያ ፍሉይ ፍቅርን ርሕራሔን ነቶም ዝሳቀዩ ሰባት(ቆሉዑት) ነበራ፣ ኣብ ቤትምህርቲ ሓደ ተማሃራይ ብዝሓደሮ ከቢድ ሕማም ትምህርቲ ከቋርጽ ነይርዎ፣ንሳ ግና ብፍሉይ ክንክንን ሓልዮትን ፍቅርን እናሰዓበት ከምዝሓዊ ጌራቶ ትምህርቱ ከኣ ክቅጽል ኪኢሉ ። ከምኡ'ውን ሓንቲ ቆልዓ ምስ ወደቀት ዘጋጠማ ብሰንኪ ከቢድ ስምባዴ ክትዛረብ ዘይትክእል ዓባስ ዝኮነት እ.ማ.ዶዚተያ ኣብ ቤት ትምህርታ (ክፍላ) ተቀቢላ ብፍሉይ ተምሃሮ ምስ ተፈደሱ ወይ ውን ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ንበይና ወሲዳ ብዓቢ ፍቅርን ሓልዮትን ትዕግስትን እናመሃረት ብፍቅራዊ ኣደነት እናሰዓበት

ከምትዛረብ ጌራታ ፣ ከምቲ ኢየሱስ ኣብ ወንጌል ዝብለና ጊራ እ.ዶዚተያ” እናበሉ ደቂ ኪኞሎ ይምስክሩ።

-እ.ማ.ዶዚተያ ንተምሃሮኣ (ደቃ) መደብ ሕይወቶም (ምርጫ) ምስ ዓበዩ ካህንን ድንግልን ክኮኑ እንተዝደልዩ ጽቡቅ ምኮነ ምስ ኢየሱስ ንዘለኣለም ክትነብሩ ኣዝዩ ጽቡቅ ኢዩ እናበለት ዘርኢ ጸዋዕታ ምንኩስና ትዘርእ ነበረት፣ብከምዚ ከኣ ካብ ተመሃሮኣ 4 ካህናትን 3 ደናግልን ብምኳን ናይ ኣምላክ ኣገልገልቲ ኮኑ።

ኣብ ቤት ጸሎት ክትኣቱ ከላ ንኢየሱስ ኣብ መንበረ ታቦት ዘሎ ተኹራ ክትጥምትን ልባዊ ርክብ ክትገብርን ብዙሕ ግዜ ተምሃሮኣ ከምዝረኣይዋ ይምስክሩ፣ከመይ ወላ እኳ ስርሓን ተልእኦኣን ምምህርና እንተነበረ እቲ ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ዝርከብ ኣብ ሕይወታ (መዓልታዊ መደባታ) ግና ጸሎት ከምዝኮነ ኣይትጠራጠርን ኔራ፣ ንተምሃሮኣ ከኣ ኣብ ሕይወቶም እቲ ቀዳማይ ክከውን ዘለዎ ሕይወት ጸሎትን ክርስትያናዊ ሕይወት ምንባርን ክከውን ከምዝግበኦ ደጋጊማ ትምህሮም ዝነበረት ሓቂ ኢዩ። ንመንእሰያት ክትምህር ከላ ብክንደይ ለውሃትን ርሕራሔን ትገብሮ ከምዝነበረት ክትገልጽ ከምዚ ትብል ኣብ ጽሑፋ፡

- ”ኣብዞም መንእሰያት ፍረ ክፈሪ ኣሎኒ ንኣምላክ ክንደይ ኢዮም ዘድልይዎ እዞም መንእሰያት ብኣታቶም ከኣ ኣዝዩ ይሕጎስ፣ሰይጣን ግን ካብ ልቦም እዚ ሰናይ ዘርኢ ክምንጥል ለይትን ቀትርን ይጽዕር ምስኪኖት፣ ስለዚ ኣነ ልቢ እዞም መንእሰያት (ሰሊበ)ክማርኽን ክስሕብን ክጽዕር ኢየ ድሓር ን ኣምላኽመታን ከርክቦ ።ንኩሎም ጥዕምቲ ኮይነ ከከም ዘድልዮም(ከም ኩነታቶም)ክኾነሎም ክጽዕር ኢየ፣ ብሓደ ዓይንን ኣገባብን ዘይኮነስ ንነፍሲ ወከፍ እቲ ዘድልዮ ኣስተውዒለ ነቲ ዝተፈላለየ ጠባያቶም ኣጽኒዔ ከምቲ ሃረርታኦም ክኮነሎም እሞ ልቦም ክከፍቱለይ ከከም ኣድላይነቶም ከጸናንዖም፣ ክግስጾም፣ከተባብዖም፣ክእርሞም ናብ ኣምላክ ዝወስድ መንገዲ ኮይነ ምስቲ ዘፍቅሮም ኣምላክ ከራክቦም “ብምባል በየናይ ዕዙዝ ጥበብ ትቀርቦም ከምዝነበረት የረድኣና እዚ ጽሑፋ።ብልጽቲ መምህርን ኣደን ኢያ!
- እ.ማርያ ዶዚተያ ትምህርቲ ከመይ ዝበለ ክከውን ከምዝግባኦ ኣብ ጽሑፋ ብነዊሑ ተዘርዚሩ ንረክቦ፣”ልቢ ደኣ እምበር ርእሲ ጥራሕ ክንኩስኩስ የብልናን” ከኣ ትብል ነራ።
- እዚ ኩሉ እናገበረት ከላ ገና ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ኣዝያ ንዕቅትን ድሕርትን ብትዕቢት ዝተመልኤትን ምኳና ብምግንዛብ **“ኦኣምላከይ ክንደይ ኣዝየ ካባካ ርሕቅቲ ኢየ ንዓካ ዘሎኒ ፍቅሪ ኣዝዩ ዉሑድ ኢዩ፣ ብፍቅሪ ርእሰይ ዝተመላእኩ ትዕቢተኛ ኢየ እሞ**

**ምሕረት ግበረለይ"** እናበለት እቲ ካብ 10 ዓመት ይገብር እትደልዮን እትጽዕረሉን ዝነበረት ቅድስና ክትጎናጸፍ ወላ እኳ ንእሽቶ ጉድለት ዝፈጸመታ ድቃስን ቅሳነትን ትኸልኣ ኔራ፣በዚ ከኣ ወትሩ ቆላሕታኣን እንኮ ዕላማኣን **ቅድስና ጥራሕ ከምዝነበረ** ኩለን ዝምስክራኦ ሓቂ ኢዩ። ኣብ 1927 ዓ.ም.ኣብ 30 ዓመታ ብዓቢ መንፈሳውነትን ተጋድሎን ሕይወታ ትመርሕ ከምዝነበረት'ውን እተን ኣብ ኮሙኒታ ምስኣ ዝነበራ ኣሕዋት ይምስክራ።

- ኣብ 1927 ሓምለ ዝተገብረ ጠቅላሊ ጉባኤ ማሕበርና ን እ.ዶዚተያ ቦታኒ ከም ጠቅላሊት ጸሃፊት ናይ ማሕበር ኮይና ተመርጸት፣ስለዚ ከኣ ካብ ኪኞሎ ብሃንደበት ት/ቲ ገዲፉ ንበርጋሞ ክትከይድ ተጸውዔት።ገና ይኞረስ ናይ መወዳእታ ዓመት ኢያ ነራ ፣ኣብ ጥቅምቲ 03 1927 ዓ.ም. ከኣ ናይ ሕይወታ ምሉእ መብጽዓ ኣብ ኢድ ኣቡነ ኣንጀሎ ሮንካሊ ኣብ በርጋሞ ዝገበረት።
- እናቴ ማ. ዶዚተያ ዝተዋህባ ኣገልግሎት ናይ ጠቅላሊት ሓለቃ ጸሓፊት ከቢድ እኳ እንተነበረ ብዕቢ ትዕግስትን ትሕትናን ትፍጽሞ ኔራ፣ ንኩለን ሓገዝ ደልየን ናብኣ ዝመጻ ዝነበራ ደናግል ንዘድልየን ነገራት ኩሉ ትገብረለንን ትሕግዘንን ኔራ፣ ስርሓ ከይገደፈት ወላ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ንኩለን ክተሓጉስ ክሳብ ለይቲ ሓዲራ ትገብሮ ከምዝነበረት ነዚ ኩሉ ከኣ ብዓቢ ሓጎስን ትዕግስትን ከምቲ ቅ.ተረዚና ኩዑሶ ናይ ኢየሱስ ብምኳነይ ደስ ይብለኒ ትብሎ ዝነበረት፣ እናቴ ዶዚተያ ከኣ ነዚ ሓሳብ እዚ ትደግም ነራ።
- ተወሳኪ ኣገልግሎት ወይ ሓላፍነት ናይ ትምህርቲ መባእታን መዋእለ ሕጻናትን ፣ከምኡ'ውን (ኣዋልድ)ኣስፒራንቲ ብሓላፍነት ክትኩስኩሰን ተዋህባ፣ነዚ ኩሉ ግና ብዓቢ ሓላፍነትን ተወፋይነትን ትፍጽሞ ነራ ብዘይ ገለ ምጉርምራም።
- እናቴ ዶዚተያ ንኩሉ ዝተዋህባ ኣገልግሎታት ብዘደንቅ ኣገባብ ትፍጽሞ ከምዝነበረት ካብቶም ተጠቀምቲ ኣገልግሎታ ዝነበሩ ብዙሓት ሰባት ገሊኦም ዝሀብዎ ምስክርነት ብውሑዱ (ብሓጺሩ)ክንጠቅስ፥
- **"ፍሽኽታ ዝመልኦ ጠመተኣ (ገጻ)እናታዊ ፍቅርን ሓልዮታን፣እቲ ክትሰምዖ ዘብህግ ጥዑም ቃላታን(ዘረባኣን) ትሑት ኣቀራርባኣን ፣ ሓደ ነገር ክትሓታ ከለካ ብሓጎስ ትቅበለካ ተስፋ ተስንቀካ መምህር፣ ንዝቀርብዋ ኩሎም ዝዓበዩ ዝነኣሱ ብዓቢ ኽብረ ትሰምዕን ጽን ትብልን መምህር፣እተን ብሩሃት ኣዒንታ ንውሽጥካ ኣትየን ዝዘረባ፣ ምዉቅ ናይ ኢዳ ሰላምታ ትርግታ ልባ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ከምዝጥምትን ውሽጣዊ ዕረፍቲ ዝህብን እዩ ነሩ. . ."** እናበሉ ብኣድናቆት ይምስክሩ ።

## ዓምብባ ዕንባታታት- Florete flores -

ማድረ ዶዚተያ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ናይ 1929ዓ.ም. ሓደ መጽሓፍ ኦርሶሊነ ናይ ጋንዲኖ (በርጋሞ) ዝብል 154 ገጻት ፣22 ምዕራፋትን ክልተ ሓባሪ ገጻትን ዘለዎ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝተዳለወ ታሪክ ማሕበር ካብ ምጅማሩ ክሳብ'ዚ እዋን ዝነበረ ምዕባለታት ትገልጽንእሽቶ መጽሓፍ ኣዳለዋ ፣ ናብ ማሕተም ከኣ ኣብ 1933 ዓ.ም.ቀረበት፣ እቲ ገበር ናይዛ መጽሓፍ ስም ናይ ደራሲ (ጸሓፋይ) ኣይነበሮን፣ ኩለን ደናግል ግና እ.ማ.ዶዚተያ ከምጸሓፈቶ ይፈልጣ ነረን።

እ. ዶዚተያ ነዛ ታሪክ ማሕበር መጽሓፍ ብዓቢ ጥበብን ጥንቃቄን ውሕልነትን ከምዘውጻኣታ ክቡር ኣቡነ ሮንካሊእታ መጽሓፍ ምስ ተሰደሎም ኣብቲ ዝጸሓፍዎ ናይ ምስጋና መልእኽቲ ይዝርዝርዎ። እናቴ ዶዚተያ ኩሉ እቲ ወርቃዊ ታሪኽ ናይ መስራትን ቀዳሞት ኣሓትንብከምዚ ዝስዕብ ኣርእስቲ ይፍልማኦ፣"EX sanguine lilia"(ዕንባባታት ካብ (ደም) ሰማእትነት ኢዮም ዝውለዱ፣ዕንበባ ከኣ ምልክት ናይ ንጽህና ኢዩ፣ሆሳእና ከኣ ምልክት ናይ ሰማዕትነት እዚ ከኣ ቅ.ኦርሶላን ደሃር ከኣ ኦርሶሊነ ደቂ ፈረንሳይ (ኣብ መወዳእታ ናይ1700) ከምኡ ከኣ ናይ ወትሩ ሰማእታት፣ዝዘደንቅ ተግባር ኣምላኽ ኣብ ምስፍሕፋሕ እዛ ንእሽቶ ማሕበር ዝጀመረት ክትዓቢን ፍረ ክተፍርን ከምዝበጽሔት ድሕሪ ጽሒፋን ኣዘንትያን፣ወላ ቀሊል ስራሕ 'ኺ እንተዘይነበረ ብተገዳስነትን ፍቅርን ዝቀረበቶ ማሕበር ካብ ዝጅምር ክሳብ 1930 ካብ መጽሓፍ ጥበብ ሲራክ39፡14 ዝተወስደ ጠቅሲ ገራ ተንብቦ፣"ከም ዕጣን ጥዑም ጨና ሃቡ፣ ዕንባባታት ይዓምብቡ የጐላዕልዑ ድምጽኩም ሓፍ ኣቢልኩም ዘምሩ ፣ንኣምላኽ በቲ ኩሉ ተግባር ኣእዳዉ ባርክዎን ኣዕብይዎን"እዚ ኢዩ እምበኣር ትምኒትን ሃረርታን ናይ እናቴ ዶዚተያ ንማሕበር ደናግል ኦርሶሊነ ኣብ ኩሉ ዓለም ክዝርግሓን ክኸዳን ካብ ስደትን ፍርሕን ወጺኤን ንኩሉ ሰጊረን ተጻዊረንን ብሓድሽ መንፈስ ክርስቶስ ክምስክራን ክዕንብባን ሰናይ ትምኒታን ውዕውዕ፡መንፈሳውነታ፡ንክትገልጽ"**ዓምብቡ-ዕምባባታት(Florete-flores-germogliate fiori)** ብምባል ናይ ማሕበርና ራእይ ንመጻኢኡ ክዕንብብ ክበዝሕ ኣብ ኩሉ ዓለም ከኣ ክበጽሕ ዝነበራ ትምኒት ትገልጽ።እቲ ዘርኢ ኣብ መሬት ተዘሪኡ ነሩ **"ዓምብቡ ዕምባባታት" ዝብል ሰመያዊ ድምጺ ይስማዕ ፣እወ እዘን ኣብ ጀርዲን ዝበቖላ ዕምባባታት ፍረ ክህባ ጥዑም ሰመያዊ ጨና ክሰዳ እናተከፍታ ንዝርእየንን ንዋኒኤንን ደስ ዘብላ ክኾና ከለዋ ብጣዕሚ ሰሓቢ ተርእዮ ኢዩ፣እዚ ከኣ ጽምእን ጸሓይን ናይ እዋኑ እናተጻወራ ናይ መጻኢ ዘይርጉጽ ኩነታት ሰጊረን ክዕምብባ ከምተን ውፉያት መርዑት ክርስቶስ ብጸሎት ብመዝሙር ብመንፈሳውነትን ብተጋድሎ. . . ተመሲሉ ይርከብ።**

## <u>እናቴ ዶዚተያ መንፈሳዊት ኣደ</u>

"እዚ ኣገልግሎት'ዚ ኣነ ኣይደለክዎን ወይ ኣይሓተትክዎን ኣምላክ ኢዩ ባዕሉ ዝሰደለይ ዘሎ፣ ስለዚ ወላ'ኺ ከቢድን ተደራራቢ ስራሕን እንተኮነኒ ግና ንኣምላክ ክእዘዞ ኣሎኒ ፣ስለዚ ነዚ መንፈሳዊ መሪሕነት'ዚ'ውን ተሓጒሰ እገብሮ፣ንሱ 'ኺ ምስ ክንድዚ ጉድልነተይን ድካምነተይን

ከሎኩ ዘይንዓቀንን ዘይጠንጠነንን.. "ትብል ኣብ ጽሑፋ።ነተን ትመርሔን ዝነበረት ደናግልን ኣዋልድን ከኣ 'ኣነ ሓጢኣተኛ ኢየ እዚ ናትኪ ጒድለት ኣባይውን ኣሎ፣ ፍጽምቲ ኣይኮንኩን፣ ክከውን ግን ይጽዕር ኣሎኩ፣ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ጽቡቃትን ኣብ ዓይኑ ተፈተውትን ክገብረክን ኢዩ ድልየተይን ባህገይን፣ እዚ ከኣ ኢዩ እቲ እንኮ ዕላማይን ድቃስ ዝከልኣንን፣ ጽቡቃትን ተፈተውትን ኣብ ዓይኒ ኢየሱስ ጎይታኽን ክትኮና!" ትብለን፣መሊሳ ከኣ ናብ ኣምላክ ተማዕቂበን ከምዚ እናበለት ''**እዘን ነብሳት ናትካ ኢየን ሰላምን ቅሳነትን ሃበን ከመይ ዕላማኤን ፍቅሪ፣ለጋስነት፣ትሕትና ፣ልኡምነትን ሓጎስን** . . . **ኢዩ።**

## እቲ ጎዝ ኣብቲ ቁስሊ

እናተ ማ.ዶዚተያካብ ቁሩብ ኣዋርሕ ምክንያቱ ዘይተፈልጠ ብሃንደበት ምውዳቅ ክጋጥማ ጀሚሩ፣ ሓደ ንግሆ ኣብ ወርሒ መስከረም 1937ዓ.ም. ኣብ ካቴላ እናጸለየት ምስ ኣሓታ ብሃንደበት ወዲቃ ሃለዋታ ኣጥፊት፣ናብ መደቀሲኣ ወሲደን ሓኪም ተጸዊዑ ምስ መጸ ብርቱዕ ረክሲ ናይ መዓናጡ(ኣኩት ፐሪቶኒተ)ብምባል ብህጹጽ ንሆስፒታል ክትውሰድ ኣለዋ ምክንያቱ እዚ ኣዝዩ ሓደገኛ ሕማም ኢዩ ውሑዳት ኢዮም ካብ ከምዚ ዘጋጠሞም ብሕይወት ዝተርፉ ብምባል ክበድ ናይቲ ሕማም ድሕሪ ገሊጹለን ፣ብህጹጽ ተወሲዳ ኦፐረሽን ገበረት ፣ብሰላም ድሕሪ ነዊሕ ሰዓታት ናይ ኦፐራሽን ተበራቢራ ፣ግና ድሕሪ መጥባሕቲ ዝነበረ ግዜ ኣዝዩ ነዊሕን ከቢድን ዘፍርሕን ንማ/ር ዘስግእን ነበረ።ብዙሕ ጸሎታት ልመና ተገይሩ ኣብ መላእ ማሕበር ኣብቲ ቅንያት እቲ፣ ብምባል ትምስክር ሓንቲ ሰብ ምክንያቱ ማ/ረ ሰግረታሪያ (እ.ዶዚተያ)ብዙሕ ፍትውትን ብኩለን ክብርትን ኢያ ነራ ትብል።መዓልታት ምስ ነውሔ ከቢድ ረክሲ ጌሩላ እ.ዶዚተያ ብዙሕ ምሕካም ቁስሊ ምስ ከቢድ ቃንዛ ክትቅበል ነይሩዋ፣እቲ ጎዝ ይ ኣቱን ይወጽእን ነሩ በቲ ገፊሕ ቁስላ፣ክንደይ ቃንዛን ስቃይን ነሩዋ ፣እንተኮነ ግና ንሳ ካብ ኣፋ ወላ ሓንቲ ናይ ምግርምራም ቃል ተውጽእ ኣይነበረትን፣እኳ ደኣ ነታ ትሕክማ ዝነበረት ነርስ ንዓይ ኣይትርኣይ ስራሕኪ ብዘይ ገለ ስክፍታ ሱቅ ኢልኪ ግበሪ ኣጆኺ፣እናበለት ተበራትዓ ከምዝነበረት ይዝንቶ ፣እዚ ኩነታት ክሳብ ፍርቂ ለካቲት ወላ ኣብ ገዛ ምስ መጸት'ውን (ካብ ሆስፒታል ምስወጸት)ትሕከም ኔራ ኣዝዩ ከቢድን ስቃይ ዝመልኦን ግዜ ን6 ወርሒ ከምዝቀጸልለ ይፍለጥ፣ ድሕሪ 6 ወርሒ ግና ደሓን ኮይና ወላ እኳ ጥዕናኣ ተዳኺሙ እንተነበረ ንሳ ግና ስራሓ ክትሰርሕ ጀመረት ።

ድሕሪ እዚ ከቢድ ናይ ጥዕና ፈተና ትፈትዋ ኣዲኣ (ማርያ ስተፋኒ) ኣብ 85 ዕድሜኣ ከምዝዓረፈት ተነጊርዋ፣እዚ ከኣ ኣዝዩ ከቢድዋ ምክንያቱ ብዙሕ ኣይረኣየታን ሓንቲ መዓልቲ ጥራሕ ኢያ ርእያታ ምስ ተወጽዔት በጺሓ ርእያታ ተመሊሳ ስለዚ ካልእ ፈተናን መስቀልን ከኣ ኮና ካለኣይ መዓልቲ ብዘይምርኣያ ንተፍቅራ ወላዲታ ።

ኣብ ሓምለ 1939ዓ.ም. ዝተካየደ ጉባኤ ን 3ይ ግዜ ጠቅላሊት ጸሓፊት ናይ ማሕበር ኮይና ተመርጸት ኣብ ርእሲ እቲ ዝነበራ ተደራራቢ ስራሕን ዋሕዲ ጥዕናን እ.ዶዚተያ ወላ ሓንቲ ናይ ምግርምራም መንፈስ ኣየር ኣየትን፣ኣብዚ ጉባኤ እዚ ማድረ ጀዙዊና ምክትል ጠቅላሊት ሓለቃ ኮይነን ብምምራጸን ኩሉ እቲ ስራሕ ናብ እ.ዶዚተያ ኢዩ ተደራሪቡ ፣ንኩሉ ክተማልእ ለይትን ቀትርን ትሰርሕ ከምዝነበረት ኣብ ጽሑፋ ንረክቦ፣ምስ እዚ ኩሉ ግና ሓንቲ መዓልቲ እኳ ናይ ምግርምራም መንፈስ ካብ ከናፍራ ኣይተሰምዔን እኳ ደኣ ወትሩ ብሕጉስ ገጽን መንፈስን ትገብሮ ከምዝነበረት ብዙሃት ኣሓት ይምስክራ።

እ.ማ.ዶዚተያ ንኩለን ዝቀረባኣ ዓባይ ኣብነታዊት ኣደን ሓፍትን ብምኳና ብቀጻሊ ሃናጺት፣ ወትሩ ፍሽኽታ ዘይፍለያ፣ ኣብ ኩሉ ጽቡቅ እትርእን እትሓስብን፣ ኣብ ዝረከብካያ ወትሮ ብሩህ ገጻ ንኩለን ደናግል ንክርስቶስ ምክታል ክንደይ ጥዑም ምኳኑ ብሕይወታ ትምስክር ዝነበረት ዓባይ ኣደ ምኳና ኩለን ዝፈለጣኣ ኣሕዋትን ኣዴታትን ይምስክራ።

ነተን ኣብ ምንኩስናዊ ሕይወት ተሰንየን ዝነበረት ናእሽቱ ደናግል ወላ እኳ ብብዙሕ ስራሕ ተወጢራ ግዜ እንተዘይነበራ ንነፍሲወከፍ ዝከውን ግዜ ከም ገለ ኄርራ ትረክን ከምዝነበረት ይገልጻ እተን ዝፈለጣኣ። ሓደ ግዜ ንሓንቲ ብመንፈስ ተሰንያ ዝነበረት መንእሰይ ድንግል ከምዚ ትብላ :"ኩሉ እቲ ዝሰማዕክዮ ትፈልጥዮ ጉድለታተይ ሓንቲ ከይሓባእኪ ዘርዚርኪ ጽሒፍኪ ሃብኒ ፣ኣነ ጉድለታተይ ክፈልጥን ክእረምን ዓቢ ሃረርታ ኣሎኒ ስለዚ ሰሙናዊ ጽሒፍኪ ክትህብኒ እሓተኪ ኣሎኹ. . . " ኢለን ከም ዝተማሕጸናኣ ነንብብ ኣብ ጹሑፈን።እቲ ካብ ንእስነታ ጀሚሩ ክሳብ መጨረሻ ውን ቀንዲ ጸላኢኣ ዝነበረ እሞ መዓልታዊ ትቃለሶ ዝነበረት ትዕቢት(ፍቅሪ ርእሳ) ኢዩ፣ ስለዚ ከኣ ኢያ ደጋጊማ ኣንጻር ትዕቢት መንፈሳዊ ውግእ ንርእሳን ነተን ተሰንየን ዝነበረትን ኣጽኒዓ ትላቦ ወይ ትእውጅ። "ን ኣምላክ እተፍቅር ነብሲ ፈጺማ ዓቢ ሓጢኣት ብርድኢት ክትገብር ኣይግባኣን" ትብል ነራ ኣብ መንፈሳዊ መሪሕነታ።

ግቡእና ምስ ኣምላክ ፡ ለጋሳትን መንፈሳውያንን ሰባት ምኳን ኢዩ ፣

ግቡእና ምስ ብጻይና/ትና ፡ መንፈስ እምነትን ፍቅርን ትሕትናን ክህልወና ኢዩ፣

ግቡእና ምስ ገዛእ ርእስና ፡ርእሰ ክሕደትን ውሽጣዊ መንፈሳዊ ሕይወትን ክንውንን ኢዩ፣

ግቡእና ምስ ስራሕና(ኣገልግሎትና)፡ትዕግስትን መንፈሳዊ ቅን ኣትን ተዓጢቅና ክንሰርሕ ኢዩ፣ይብላ ነረን።

ኣብ ንእሽቱ ኣሽሓት ኣጋጣሚታት ለጋስ ምኳን ወላ ሓደ ሰብ እንተዘይረኣዮ ኣምላክ ግና ሕቡእ ስለዝርኢ፣ ንኣምላክ ኢልካ ምግባሩ እዚ ከኣ ኩሉ ንኢየሱስ ንምሕጓስ ዝግበር ኮይኑ ልዕሊ ኩሉ ነገር ኣብ ጸሎት ምጽማድ ጽቡቅ ጌርካ ብዓቢ ንቅሓትን መንፈሳውነትን ምጽላይ የድሊ፣ነቲ ዝረከብናዮ ናእሽቱ በደላት ንፍቅሪ ርእስና ረሲዕና ብጥንቃቄ ናብ መሓሪ ኢየሱስ ንቅረብ ንሱ ከኣ ብምሕረቱን ፍቅሩን ክሓቁፈና ኢዩ፣ እናበላ ነተን ዝመርሐኤን ይላበወኤን ከምዝነበራ ኣብ ጽሑፈን ንረክቦ።እዚ ኩሉ ጠቅላሊት ጸሓፊት ከለዋ ዝፍጽመኦ ዝነበራ ኣገልግሎት ኢዩ።

ኣብ ሓምለ ዝተገብረ ጠቅላሊ ጉባኤ ብ 27/7/1946 ዓ.ም. እ.ማ. ዶዚተያ በታኒ ምክትል ጠቅላሊት ሓለቅ(ቪካሪያ)ናይ ክብርቲ ማድረ ጀዙዊና ሰገሲ ኮይና ተመርጸት። እ.ዶዚተያ 50 ዓመት ነሩ ዕድመኣ ዳርጋ 25 ዓመት ከኣ ናይ ውፉይ ነሩዋ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ጠቅላላ ቁጽሪ ኣባላት ደናግል ምስ ተመከርትን ፖስቱላንትን 654 ኔሩ። ኣብ 6 ገዛውቲ ናይ ማእከል በርጋሞ፣45 ገዛውቲ ኣብ ኩላ ኣውራጃ ናይ በርጋሞ፣34 ገዛውቲ ከኣ ወጻኢ ካብ በርጋሞ ግን ኣብ ዓዲ ጣልያን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተከፍተካብ ሃገር ወጻኢ 2 ገዛውቲ ኣብ ኣስመራ(ኤርትራ) ተዘርጊሔን ይርከባ ነረን።

እዘን ዝበልናየን ደናግል ነዚ ሓድሽ ኣገልግሎት ኣብ ልዕሊ እቲ ዝነበራ ከቢድን ምሉእ ግዜኣ ዝወስድን እኳ እንተነበረ ማድረ ዶዚተያ ብዓቢ እምነትን ሓላፍነትን ተቀቢላ ምስ ማድረ ጀዙዊና ብቀረባ እናሰርሔት ንማሕበር ብምሉእ ልባን ሓይላን ክእለታን ኣገልገለት።ኣብ ጽሑፈን ከምዚ ይብላ ፡"እዚ ናይ ቪካሪያ ስራሕ ምሉእ ግዜይ ዝወስድ ናተይ ነገር ዝገብረሉ(ዝሰርሓሉ) ግዜ ከምዘይብለይ እርኢን እርዳእን ኣሎኩ ፣ምሉእ መዓልቲ እዚ ናይ ቪካርያ ስራሕ ክገብር እውዕል ኣሎኩ እንተኮነ ነዚ ናይ ግለይ ነገራት (ፐርሶናለ) ብለይቲ ክገብሮ እግደድ ወላ እኳ መስዋእትነት ዝሓትት እንተኮነ ፡ክንቅደስ፣ዓበይቲ ቅዱሳት ፣ብቅልጡፍ ቅዱሳት ክንከውን ስለዝግበኣና ተሓጕሰ እፍጽሞ ኣሎኩ።"

ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ቪካርያ ምምራጸን ማድረ ዶዚተያ ኢዮቤል ናይ 25 ዓመት ወፈያኤን ኣብዓላ ምስ ኩለን ኣሓተንን ደቀንን ኮይነን ኣብ በርጋሞ ።

ማድረ ዶዚተያ ንተመከርቲ ክምህራ ከለዋ ከምዚ ዝስዕብ ይብላ፡ **"ሓንቲ ድንግል(ውፍይቲ) ደወል ናይ ምትንሳእ ምስ ተደወለ ብድድ ኢላ ትትንስእ፣ ሓሳባታ ናብ ኢየሱስ ቅ.ቁርባን ተዕርግ፣**

**ክትሕጸብ ከላ ከምዚ ትብል፡"ኦኢየሱሰይ ነብሰይ ሓጺብካ ካብ ሓጢኣት ን ጽሕትን ጽርይትን ግበረለይ " ክትክደን ከላ ከኣ፡"ኦ ኣምላከይ መንፈሰይ ብመንፈስካ ብፍላይ ከኣ እቲ ዝጎድለኒ ትብሎ ክደነለይ፣ ከምዚ እናበለት ሓሳባታ ናብ ኣምላክ ተዕርግ፣ መዓልታ ናብኡ ተወፊ ሕማቅ ዘረባ ከይትዛረብ፣ሕሜት ኮነ ሕማቅ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋት ከይትገብር ብኩልንትናኣ ቁርጺ ፍቃድብምግባር መዓልታ ክባርከላ ብእምነትን ተስፋን ናብ ኣምላካ ትጽሊ፣ከምዚ ኢላ ከኣ ብንግሆኡ ብውዕዉዕ መንፈስ ንቤት ጸሎት ምስ ኣሕዋት ክትጽሊ ትኣቱ።**እናበላ ይምህራኤን ከምዝነበራ ኣብ ጽሑፈን ንረክቦ፣

ኣባ ፍራንቸስኮ መስራቲ ማሕበር፡"እቲ እንኮ ዕላማ ናይ ምምስራትና ንልቢ ደቂሰባት (ሕጻናት፣ መንእሰያት፣ዓበይትን ናእሽቱን) ምኩስኳስን ናብ እምነት ክርስትና ምብጻሕን ኢዩ"ይብል ነሩ ስለዚን ጸዋዕታና ብግቡእ ንንበሮ፣ይብላ ማ/ዶ.

ን ዓል ሓፍተን (እ.ጁስቲና) ኣብ ማሕበርና ዝነበረት ከምዚ ኢለን ይጽሕፋላ፡**"ሓንቲ መምህር ኩሉ ሓይላን ግዜኣን ኣብ ናይ ት/ቲ መደብ (ኣካዳሚ ወገን) ጽቡቅ ጌራ ንምትግባር ጥራሕ እንተኮይና ትጽዕርን ትደክምን ሓንቲ ዝኸሰረት መምህር ኢያ፣ ንደቂ ሰባት (ንነብሳት) ንኢየሱስ ከፍቅሩን ብምሉእ ሓይሎም ንዓኡ ክክተሉን እቲ ካብ ወለድና ዝተቀበልናዮ ውዕዉዕ መንፈስ ንኢየሱስ ምስዓብ ንገዛእ ርእስካ ብተጋድሎ ምግታእን ክንምህሮም ይግበኣና ፣ እዚ ከኣ ብጸሎትን መስዋእቲ ቅዳሴ ብምስታፍን ከምዝርከብ ክነረድኦም ይግባኣና፣ ከምዚ እንተዘይጌርና ግና ንፉዓት ንጹራት ደወል ኮይነን ንካልኦት ናብ ቤተክርስትያን ንምጽዋዕ ዝድውላ ንሳተን ግን ኣብቲ መደወሊ ደው ኢለን ዝተርፋ ኢና ንከውን፣ ስለዚ ልቢ ደኣ እምበር ርእሲ ጥራሕ ኣይንኮስኩስ** ።"ብምባል ዕላማ ት/ቲ ብምሳሌ ጌረን ገለጻላ፣

ንካልእ ሓንቲ ድንግል ውን ከምዚ ይብላኣ፡" **ብዙሕ ግዜ እዞም ስነ ስርዓት ዘይብሎም ዝርብሹ (ተምሃሮ) ምስኪኖት ናታቶም በደል ጥራሕ'ውን ኣይኮነን ዝኮነ ሰብ ካብ ወለዶም ጀሚርካ እቲ ዝገብርዎ ጽቡቅ ከምዘይኮነ ስለዚ ካብ ርእሶም ኣውጺኦም ክድርብይዎ ፣ ክገድፍዎ ከምዝግበኦም ብዓቢ ፍቅርን ሓልዮትን ዝነግሮም ኣይረከቡን ይኾኑ፣ ስለዚ ናታቶም በደል ጥራሕ ኣይኮነን ንሕና 'ውን ከም መማህራኖም ብእናታዊ ፍቅሪ ፣ብዓቢ ሓልዮትን ትዕግስትን ብጥዑም ቃላት ጌርና ደጋጊምና ክንብሎምን እቲ እንዛረቦ ከኣ ሰሚዕም ኣብ ልም ከሕድርዎ እሞ ክትግብርዎ ብዘይ ምስልቻው ክንምህሮን ክነረድኦምን ክንእርሞምን ይግበኣና።ሽዑ ወላ እንተዘይረኣናዮ እቲ ለውጢ ድሓር ግን**

**ኣብ ሕይወቶም ክዝክርዎ ኢዮም፣ እቲ ጥዑም ፍቅሪ ዝመልኦ ተግሳጽ ዝሃብናዮም። ስለዚ ሓደ መዓልቲ ከመስግኑና ኢዮም ስለቲ ዝሃንጽ ትምህርቲ ዝሃብናዮም።ስለዚ ብፍቅን ሓልዮትን ንምሃር" ይብላ ኣብ ጹሑፈን**

ሕጊ መግለጺ ናይ ብወንጌል ምንባር ኢዩ፣ኣብ ወንጌል ከኣ እቲ ወርቃዊ ሕጊ ፍቅሪ ኢዩ፣ሕድሕዳዊ ፍቅሪ፣ ክንደይ ሰናይ ምኮነ እዚ ሓሳብ፡ዚ ብኩለን ኣሓት እንተዝትግበር! ማሕበርና ገምገም(ጫፍ) ናይ መንግስተሰማይ ምኾነ ነፍሲ ወከፍ ኮሙኒቲታትና'ውን ብመንፈሳውያን ሓይላት ዝዓምበበ ጀርዲን ቅድስና ኮይነን ብፍቅሪ ኣምላክ ተቃጺለን ሙቀት ፍቅሪ ኣምላክ ኣብ ከባቢኤን ምዘርግሓ እሞ ኩሉ ጸሓይ ከሎ ዝቆረሮ ምመጸ ነሩ ።ማ/ዶዚተያ

ብ 19 ሓምለ 1952 ዓ.ም. ዝተገብረ ጠቅላሊ ጉባኤ ብምሉእ ቁጽሪ ማድረ ዶዚተያ ጠቅልቅሊት ሓለቅ ማሕበር ኮይነን ተመሪጸን። ነዚ'ውን ብ ዓቢ እምነትን ተወፋይነትን ተቀበላኦ፣ እቲ ኣገባብ ኣመራርሔኤን ሓቀኛኛእናታዊ ፍቅሪ ዝዓሰሎ መሪሕነት ንደናግል ከም ኡውን ን ኣገልግሎት(ሚሽን) ምቕራብ ደናግል ኣብ ስራሕ ውን ብኽፉት ኣእምሮን ልብን ብዘይ ገለ መስኪንነት(ሕሙቅ)ክኸውን ኢዩ ነሩ ዕላመኤን።

## ብሩህ ገጽ ናይ ሓንቲ ጥዕምቲ ኣደ

ማድረ ዶዚተያ 73 ዓመት ጌረን ብስለት ዝመልኦ ናይ ዕድመ ደረጃ፣ ናይ ፍረ እዋን በጺሔን።ድሕሪ'ቲ ከቢድ ናይ ጥዕና ሽግር ዘጋጠመን ግን ከኣ ድሕሪ ነዊሕ ስቃይን ብዙሕ ኣዋርሕ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕን ደሓን ዝኮና ወላ'ኳ ሳዕበኑ እንተተረፈን ገጸን ግን ወትሩ ፍሽኽታ ዘይተፈልዮ፣ ንኩሉ ሕማምን ስቃይን ብዓብይ ትዕግስቲ ብምቅባል ከም ጥዕምቲ ኣደ ብሓጎስ ንኩሎም ደቃ እትቅበልን እትሓቁፍን ማድረ ዶዚተያ ከኣ ናይ በሓቂ ጥዕምትን ተፈታዊትን ኣደ ብምኳነን ንደቀን ክቅበላን ክሰምዓን ክመክራን ኣይደከማን።ከምታ ኣደ ንኩሎም ደቃ ብፍቅሪ እትቅበል ንነፍሲ ወከፎም ከኣ ዘጸናንዕን ዘበራትዕን ቃላት ዘለዋ፣ ከም ኡ ከኣ ማድረ ዶዚተያ ወላ'ኳ እናደኸማ ይከዳ እንተነበራ ክሳብ መጨረሳ ግዜ ሓገዘን ደልየን ንዝመጸኤን ደናግል ንኩለን ዝከውን ግዜ ይረክባለንን ይቅበላኤንን ነበራ።

ንኹለን ደናግል (ደቀን) በብሓደ ይፈልጠኦንን ታሪከንን ጽቡቅን ድኩምን ጎድነን ኣጸቢቀን 'ኳ እንተ ፈለጣኦ ፣ብዓቢ እምነትን ትዕግስትን እናታዊ ፍቅርን እናሰምዓ ምንኩስናውን ኦርሶላውን ሕይወተን ብግቡእ ክሳዕ ፍጻሜ ክነብራኦ የተባብዔን ከምዝነበራ ባዕላተን ይምስክራ።

**ካብጽሑፍ ማድረ ዶዚተያ ንኩለን ደናግል ብመልክዕ ዓዋዲ መልእኽቲ**

❖ ማርያም ብምእማና ዓብይ ክብርን ሞጎስን ረኺባ፣ ቅዱስ በርናርዶስ ንእምነታን ተኣዝዞኣን ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል፡ "እዛ ለባም ድንግል ከምቲ ወንጌል ዝብሎ ሰሚዓ ርእያ ኣመነት ተረድኤት ፣ንእዝና ናብ ተኣዝዞ ኣዘንበለቶ ፣ነቲ ልባ ከኣ ናብ ሕጊ እግዚኣብሔር ኣድነነቶ(ኣዘምበለቶ)፣"ብምባል ኣስር ማርያም ክክተላ ደቀን ይምዕዳኤን።

❖ ኣብ ጽላል ዝተመደብክሉ ቦታን ኣገልግሎትን ተሓቢእኪ ዝኮነ ዓይነት ስራሕ(መደብ ኣገልግሎትኪ)ብሓንቲ ቃል ቅድስናኪ ኣማዕብሊ። እዛ ቃል'ዚኣ ናይታ ትሕቲ ድንግል ናይ ናዝሬት **"እንሄኹ ባርያ እግዚኣብሔር** ኢየ"(Ecce,ancilla Domini !) እንሄኹ ኣነ ግዝእቲ ናይ ፍቅርካ'የ ፣ኣብ ትምህርቲ ዲካ ትደልየኒ እንሄኹ! ፣ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ዲኻ ትደልየኒ እንሄኹ! ፣ ኣብ ትሑት ናይ ገዛ ስርሓት ከምታ ትሕቲ ኣዴኻ ዲኻ ትደልየኒ ኣየ ክንደይ ተዓዲለ እንሄኹ! ፣ባዕልካ መሃረኒ እቲ ጥበብ ናይ ንጽሕቲ ድ.ማርያም ኣዴኻ፣ ምስ ሕሙማት፡ምስ ዓበይቲ(ኣረጋውያን) ዲኻ ትደልየኒ እንሄኹ!፣ኣብ ቀረባ፡ ኣብ ርሑቅ፡ ኣብ ሃገረይ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር፡ እንሄኹ!፣ኣብ ድኽነት ዘለዎ፡ ዋሕዲ፡ ኣብ ጣዕሚ ዘለዎ ፡ኣብ ኩርኳሕ ጸገም ሽግር ዘለዎ ቦታ ፡እንሄኹ!፣ምስ ጥዕምቲ ትርዳኣካ ሓለቓ ወይስ ምስ ብርትዕቲ ዘይትርዳኣካ ኢካ ትደልየኒ እንሄኹ!፣ምስ ትሑታት፡ ኣፍቀርቲ፡ ቅዱሳት፡ ኣሕዋት ወይስ ምስ ጉድልነት ዝመልኤን ከማይ ዝኣመሰላ፡ጨካናት ብመንፈስ ዝሑላት፡ብዙሕ ዘይርድ ኣኻ ፡ሓጺር ኣተሃሳስባ ዘለወን፡ምስ ኤን ክትነብር ዘሽግራ ኣሓት ክነብር ኢካ ትደልየኒ፡እንሄኹ! ብምሉእ ጥዕናይ ወይስ ብሕማም፡ ብስራህ ወይ ብዘይ ገለ ዓቅሚ፡ብውሽጣዊ ስቅታ፣ብመንፈሳዊ ዕጋበት ወይ ብመንፈሳዊ ድርቀት(ጽምዋ) ኢካ ክነብር ትደልየኒ እንሄኹ !! ስለዚ ከምቲ ንስኻ ትደልዮ፣ምስተን ንስኻ ትደልየን፣ንስካ ኣብ ዝደለካዮ እዋንን ቦታን ክንዲ ዝደለኻዮ ግዜን ኣነ ባርያካ ናብ ፍቅርኻ ዝተሸጥኩ'የ እሞ ከም ድላትካ ጌርካ ተጠቀመለይ።እቲ ንስኻ እትሓስቦን እትገብሮን ኣባይን ብኣይን እትፍጽሞ ንኽብርኻን ንቅድስናይን ከምዝከውን እ ኣምን ኢየ ፣ስለዚ ኦ ጎይታይ እዚ ርድኢት'ዚ ወትሩ ኣብ ልበይ ተሓቲሙ ከም ዝተርፍ ግበረለይ። ኣነ ከንቱ ምኳነይ እፈልጥ ንስኻ ግና ኩሉ ኢካ ንዓይ እሞ ድላይካ ኣባይ ፈጽም፣እንሄኹ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ ። **(መልእክቲ ናይ ፋሲካ 1953**)

❖ ንስኺ ኦርሶላዊት እስከ ንገርኒ ጸጋ ናይ ቀጻሊ ህላዌ ኢየሱስ(ግልጸት ኢየሱስ)እንተለኪ ናይ ካልእ ነገራት ሓሳባትን ፍጻሜታትን እንታይ ይግድሰኪ?ናይ ዝኮነ ናእዳን ምስጋናን ናይ ዝኮነ ዓይነት ስራሕ ወይ ጻዕሪ. . .ናቱ ሓንቲ ቆላሕታ ናይ ፍቅሩ መንፈርፈር ኣውጺእኪ ንሰማይ ምበረርኪ

ኔርኪ፣ ንሕና ግን ብቀጻሊ ኣብ ህላውነቱ ኣይንነብርን ኢና ምናልባት ልብና በቲ ዘፍቀረናን ንፍቅሩ ዝተወፈናን ኢየሱስ ገና ኣይዓገበን ኣሎ! ናይ በሓቂ ግና ቆላሕታኡ ይስዕበኪ'ዩ ልቡ'ውን የፍቅረኪ 'ዩ፣ ስለዚ እምነትኪ ኣበርትዒ ኩሉ ጽቡቅን ዓብይን ኢዩ መደቡ ኣባኺ። (ፋሲካ 1953)

- ❖ ፍቁራት ደቀይ ኣብቲ መጀመርያ ምትንሳእና ዝመጸና ሓሳብ ንጠንቀቅ፣ ንነፍሲ ወከፍ ነቲ ልብና ዝውንኖ ፣ዘሰክፈና ግላዊ ነገራትና ፣ወይ'ውን ስራሓትና ኢዩ ዘመልክት ስለዚ ንጠንቀቅ! እንሄኹ ብምባል ንኢየሱስ እቲ መጀመርያ ወፈያ ናይ መዓልትና ነቅርበሉ፣እዚ ናትና እንሄኹ ከምቲ ናይ ድንግል ማርያም ክኾነልና በዚ ቅዱስ ሓሳባት ተመሊእና ናብ ቤት ጸሎት ንእቶ፣ ሰላምታ ገብርኤል መልኣኽ ንማርያም ክንጽሊ ከምኡ'ውን ናይ ሓሳብ ጸሎት ክንጽሊ።ብናይ ሰላምታ ገብርኤል ንማርያም (መልኣኽ እግዚ ኣብሑር) መብጽዓታትን ክነሓድስ ንኽእል ብ ከምዚ ኣገባብ፡
  - ✓ መልኣከ -እግዚኣብሔር ንማርያም ኣበሰራ ክንብል ከለና ፡መብጽዓ ንጽሕናና ነሓድስ፣
  - ✓ እንሄኹ ኣነ ኣገልጋሊት(ባርያ)እግዚኣብሔር'የ ክንብል ከሎና፡ መብጽዓ ተኣዝዞና ነሓድስ፣
  - ✓ ቃል ስጋ ኮነ ኣባና እውን ሓደረ ክንብል ከሎና ፡ መብጽዓ ድኽነትና ነሓድስ ፣
- ❖ ሓድነት ምስ ኣምላኽ ኢዩ እቲ ወርቃዊ ፈትሊ መዓልትና ብመልእልተ-ባህርያዊ ጨራ ተመሪሑ ንዕለታዊ ተግባርና መንፈሳውነትን ፍጻሜን እናኣልበሰ ብፍቅሪ ነቲ ዘይጠቅም ነገራትና (ሰብኣዊ ኣተሓሳስባና) ከምዝሃጉግ (ከምዝጠፍእ) ዝገብሮ።(ትንሳኤ 1960)
- ❖ ቤተክርስትያን ብመንፈስ መንእሰያት ክንከውን ፣ኣብ ፍቅሪ ኣምላኽን ብጻይን ምዝውታር፣ ኣብ ሕግና ምትግባርን ኢያ ክንሕደስ ትደልየና እዚ ማለት ወትሩ ሃረርታንተግባርን ናይ ጽቡቅ ምግባር ክህልወና ወላ እኳ ብግዙፍ ሸምጊልናን ሓሚምናን (እዝጋንጌራተ)እንተኮና ፣እንታይ ንደሊ ደኣ እንጋን እንተመጺኣ ኩልንትናና ኢዩ ዝዘረብ ብስቃይ ኩልና ንፈልጦ ሓቂ ኢዩ ወላ እኳ ከመይ ከምንኽውን ብርግጽ ኣይረድ ኣና እምበር . . .።

2ይ ጉባኤ ቫቲካን ኣብዚ እዋን ናይ ጠቅላሊ ጉባኤ ማሕበርና ብ 1964 ይካየድ ስለዝነበረ ቤተክርስትያን ኩላተን ማሕበራት ክሕደሳ ከምዘለወን ሰነዳት ኣውጺኣ ።ማድረ ዶዚተያ ብ 18ሓምለ 1964 ዓ.ም.ን 3ይ ግዜ ጠቅላሊት ሓለቃ ማሕበር ንኽቅጽላ ተመርጸ።እዚ ግና ንቅድስቲ መንበር ናይ ግድን ክሕተት ነይርዎ ምክንያቱ ን3ይ ግዚዜስለዘይፍቀድ ፣ስለዚ እቶም ኣብ ጉባኤ ዘስንይወን ዝነበሩ

ኣቡን ናይ ቅድስቲ መንበር ልኡኽ ኣቡነ (ሞንሲኞር)ክለመንቶ ጋዲ ን ቅ.መንበር ተለግራም ጌሮም ፍቃድ ምስረከቡ ን መላእ ማሕበርን ንቤተክርስትያን ሰበኻ በርጋሞማድረ ዶዚተያ ጠቅላሊት ሓለቃ ከምዝተመርጸ ን 3ይ ግዜ ተኣወጀ፣ በዚ ከኣ ማሕበር ን ኣምላኽን ንቅድስቲ ድንግል ማርያምን ምስጋናኡ ኣቕረበ።ማድረ ዶዚተያ እቲ ካብ ነዊሕ ግዜ (1922) ከይተሓደሰ ዝጸንሔ መምርሒ(ሕጊ)ማሕበር ብሓገዝ ኣባ ጋምበሪ ክሃድሳ ኦ ከምዝኮና ንኹለን ተጋባእቲ ኣብታ ዝተመርጸላ ዕለት ናይ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ቤተክርስትያን ዝተሰደ መልእኽቲ ናይ ምሕዳስ (ዳግመ ምርኣይ) ኣንበባለን።

እቲ ክሕደስ (ክርኤ)ዝነበሮ ክፋል ናይ ሕጊ ማሕበር 3 ምኽሪ ወንጌል ዝሓዘ ምዕራፍ፣መንፈሳዊ ተጋድሎን ርእሰ ክሕደትን ዝብል ፣መንፈሳዊ ሕይወትን ኣነባብራኡን፣ጸዋዕታን ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን(ተልእኮን) ዝብል ክፋላት ኢዩ ነሩ።ስለዚ ንኩለን ተጋባእቲ በቲ ብቤተክርስትያን ዝተኣወጀን ዝተነግረን ምሕዳስ መንፈስ ማሕበር ከይነጥፍእ እቲ ስነ መዕበያና ብግቡእ ክቅጽል ጥበብ ብዝመልኦ ኣገባብ ክንበር ከምዝግባእ ብ ዓቢ ኣክብሮትን ትሕትናን ኣተሓሳሲበን ንኩለን ተጋባእቲ ኣሓት። ማድረ ዶዚተያ ኣቀዲመን ቅድሚ ጉባኤ ማሕበር ገለ ገለናእሽቱ ምሕዳስ ኣተኣታትየን ኔረን ኢየን ፣ቅድሚ ኩሉ ለውጥታት ምትእትታው ክብረት ደቂ ሰባት ክንሕሉ ይግበኣና ኢዩ ዝብል ኣተሓሳስባን ርድኢትን ስለዝነበረን ንኩለን ኣሓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መካነ-ሕውነት ምርጫታተን ሓሳባተንን ክፈልጣ መሕተት ሰዲደን ነረን ኢየን፣ምኽንያቱ ንኹለን ክናሰትፈን ግቡእን ፍትሕን ኢዩ፣ እንተዘይኮይኑ "ከመይ ጌራ ሓንቲ ድንግል (ውፍይቲ)ዓል ማሕበር ሕጉስትን ቅንዕትን ኮይና ክትነብር እንተዘይተሳቲፉ ኣብ ዝኮነ ዝግበር ለውጢ ፣ግቡኣን መሰላን ኢዩ፣ምሉእ ክብረት ክትረክብ ኣብ ማሕበራ።

ካብቲ ድሮ ኣተኣታትየን ኦ ዝነበራ (ዘመሓየሻኦ) ነገራት ቅድስቲ ቤተክርስትያን'ውን ዝበለቶ፡ ጸሎታት ናይ ቃል(ኣፍ ኣዊ)ብሓባር ዝግበር ዝነበረ ኣብ ምብዛሕ ዘይኮነ ዘሎ መንፈሳውነት ግላዊ ዓሚቅ ፍቅሪ ንኢየሱስ ብሕት ኢልካ ልብኻ ምሃብን ኣብ ቅዱስ ፍቃዱ ምጽናዕን፣ መዓልታዊ ሕይወትካ ከኣ ንዕኡ ምውፋይን ክከውን ትደሊ።

- ቅድስቲ ቤተክርስትያ ማርያም ክንከውን ኢያ ትደልየና፣ ማለት ኣብ ኣገልግሎት ቁምስና ማርያም፣ምስ ሕጻናት ፡ምስ ዘኽታማት፡ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ደቅና ምስ ሕሙማት ኣብ ዓራት ዘለዉ ማርያም ክንከውን፣ማርያም ኣብ ጎድኒ ሽማግለ፣ማርያም ኣብ ኩቺና፣ማርያም ኣብ እንዳ ደርሁት፣ማርያም ኣብጀርዲን፣ማርያም ኣብ ናይ ገዛ ስርሓት፣ማርያም ኣብ ምሕላው

ማዕጾ፣ማርያም ኣብ ዓርዳሮባ፣ማርያም ኣብ ጉዕዞን ምውጻእን፣ማርያም ኣብ ኩሉን ወትሩን ኮይና ህላዌ ማርያም ኣብ ቤተክርስትያን ክንከውን ቅድስቲ ቤተክርስትያን ትዕድምና ኣላ።

ማድረ ዶዚተያ ንሚስዮነ(ኣፍሪቃ) ፍሉይ ፍቅሪ ነይርወን ፣በዚ ምክንያት እዚ ከኣ ንደቀን ክበጽሓን ከበራትዓን ዝተሓደሰ ሕይወት ምንኩስናን ተልእኮን ከብጽሓ ኣብ ኣሓት ብዓቢ ሓጎስ ብእናታዊ ፍቅሪን ርሕራሔን ተመሊኤን ብዙሕ ግዜ ን ኤርትራ ተዓዓዛ።ንኹለን ደቀን ጠላይን ይኹና ደቀባት ብሓደ ዓይኒ ብምርኣይ ዘድሊ ምክርን ተግሳጽን ብሕጉስ መንፈስ ይህባኤን ከምዝነበረ ባዕለን ኣብ ጽሑፈን (ዲያርዮ) ይዘረባኦ።

- "ኩልና ፍጽምና ኣብ ሰማይ ምኺኑ ቦታኣ ንፈልጥ ኢና፣ስለዚ ዓሚቕ ኣስተንትኖ ጸሎትን ንግበር ብዘይ ተጋድሎን መስዋዕቲ ርእስካን ዝብጻሕ(ዝርከብ)ዘለኣለማዊ ሕይወት የሎን"። ይብላ ፣
- "እቲ ኣብ ሕይወት ኣገዳስን ኣድላይን ትርጉም ዘለዎን ኩሉ ግዜ ንፍቃድ ኣምላኽ ምድላይን ብፍቅሪ ምትግባሩን እዩ፣ስለዚ ጽቡቅ ጌርና ንስራሕ ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓቢርና ንመላለስ እንተደኣ ንማሕበርና ነፍቅር ኮይና" ይብላ ማድረ ኣብቲ ድሕሪ 2ይ ጉባኤ  ቫቲካን ዝተገብረ ምሕዳስ።
- "ማሕበር ናይ ኣምላኽ ኢያ ንሱ ጥራሕ ከኣ ኢዩ ኣየናይ (እንታይ) ኢዩ ዝበለጸ ንዓና ዝፈልጥ ስለዚ ኣይንጨነቅ"ኣብ መጨረሻ ዕድመኤን ዝበላኦ ቃላት ኢዩ።
- "ጽቡቅ ምግባር ኩሉ ግዜ ከቢድ ኢዩ ፣ብመስቀል ዝተሰነየ ኮይኑ ንፍቅሪ ርእስና ዝጭፍልቅ ወትሩ ከኣ ጥዑም(ባህ ዘብል) ፍረ ኣለዎ፣ስለዚ ኣጆና! ንትባዕ ክንደይ ሰናይ ኢዩ ኩልና ኣብ መንግስተ-ሰማይ ክንራከብ!"
- "ኣብ ኩሉ መኣዝናት ሕይወትና ኩሉ ግዜ ሰናይ ንጽቡቅን ምርኣይ ወላ'ኳ ሓደ ሓደ ግዜ ደበና እንተሎ፣ምክንያቱ ብሓጎስ ብዙሕ ነገራት ክንገብር ንኽእል ኢና፣ እቲ ሕጉስ ብሩህ ገጽና ክርስቶስ ኣባና ከምዘሎ ዝምስክር ስለዝኮነ ኢዩ።"
- "ናይ ምኻድ ሰዓት በጺሑ ኢየሱስ ይጽበየኒ ኣሎ ቀልጢፉ ክመጽእ ኢዩ ክወስደኒ. . ንኣምላኽ ብዙሕ ነፍቅሮ ከመይ ምስ ኡ ክነብር ስለዝመደበና።"
- "ኣምላክ ኣብ ላዕሊ ምስ ኡ ኢዩ ዝደልየኒ ኣብ ኡ ከኣ ንኩልክን ክጽልየልክን ኢየ ድላይ ኣምላክ ወቱ ሰናይ ኢዩ፣እቲ ዘጸናንዓኒ ነገር ኩሉ ግዜ ን ዓኡ ምእዛዘይ ኢዩ፣ ፍቃድካ ይኩን ወትሩ ብሓጎስን ፍቅሪን!"

- "ኣብ መጨረሽታ ሕይወተን ዝበላኦ ቃላት፡" ንኩልክን ልባዊ ሰላምታይ የቅርበልክን ድሕሪ ሕጂ ክንደይ ከይርእየክን ከምዚ ኢልክን ተኣኪብክን ብሓደ . . .ገለ ዘጉደልኩልክን ወይ ዝበደልኩክን ፣ብዝኮነ ነገራት ዘሕዘንኩክን እንተሎ፣ ይቅረታ እሓተክን፣ ግና ከኣ ብልቢ ከምዘፍቀርኩክን ርግጸኛታት ክትኮና እደሊ፣ ንቅድስና ርእስክንን ንማሕበር ጠቅምን ብምባል ዝያዳ ተጋድሎን መንፈስ ትሕትናን ሓቲተክን እንተኮንኩ፣ኩሉ ግዜ ግን ጽቡቅክን ኢየ ዝደለኩን ወትሩ ከኣ ኣፍቂረክን ኢየ. . . "ብምባል ናይ መፋነዊ ቃላተን ለገሳለን ንኩለን ኣሓት ደቂ ማሕበር።
- -ማድረ ዶዚተያ ኣብታ ናይ መጨረሻ ዓመት ኣገልግሎተን ከም ጠቅላሊት ሓለቃ ናይ ማሕበር ዝውድኣሉን ዘረክባሉን እዋን ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ክሳተፋ ኣይከኣላን ብጽኑዕ ሓሚመን ኣብ ሆስፒታል ደቂሰን ስለዝነበራ።ኣብ ሆስፒታል ኮይነን እውን ነተን ተጋባእቲ ኣዴታትን ኣሓትን ናይ ምብርታዕ መልእክትን ብመንፈስ ቅዱስ ጥራሕ ተመሪሔን ጠቅላሊት ሓለቃ ክመርጻን ናይ መጨረሽታ ለበዋኤን ጸሓፋለን ።
  - ማድረ ዶዚተያ ምድራዊ ጉዕዞኤን ብቅድስና ዘዚመን ኣኽሊል ዓወት ክቅበላ ናብቲ ብሩኽ ኣፍቃሪኤን ድሕሪ ነዊሕ ኣገልግሎት ንማሕበርን ንብዙሓት ሰባት ዝመሃሮኦምን ብቅዱስ ሞት "ኣምላክ ይጽበየኒ ኣሎ መጺኡ ክወስደኒ" እናበላ ካብዘ ምድሪ እዚኣ ብለይቲ ናብ 2 መስከረም 1970 ዘውግሕ ብሰላም ዓረፋ ።
- ብ 4 መስከረም ከኣ ኣብ ጋንዲኖ ዘሎ መቃብር ደናግል ኦርሶሊነ ተቀብራ።
- ብ 27 ጥሪ 1988 ከኣ ጉዕዞ ብጽዕነተን ንምእዋጅ ስራሕ (መጽናዕቲ) ንኽጅመር ሓደ ካህን(ፖስቱላቶረ)ብማሕበር ዝተሰየመሉ ዕለት ኢዩ። ብ 27 ሚያዝያ 1991 ከኣ ብሰበኻ በርጋሞ ደረጃ ጉዕዞ መጽናዕቲ ናይ ቅድስነኤን ተከፊቱ።
- ብ09 ሕዳር 1991 ኣስካሬን ናይ ክልቴን ኣዴታት ማድረ ጀዙዊናን ማድረ ዶዚተያን ንበርጋሞ ኣብ ቤትጸሎት ደናግል ዝመጸሉ(ዝኣተወሉ) ዕለት ኢዩ።
- **ብሓጺሩ ማድረ ዶዚተያ ፈቃር፣ትዕግስተኛ፣ጸሎተኛ፣ለጋስ፣ተኣዛዚት፣ፈታዊት ተጋድሎ፣ትሕቲ፣ ጥዕምቲ፣ ሕጉስቲ፣ፈታዊት ድካታት፣ኣፍቃሪት ማሕበራን ቤተክ/ንን፣መምህር ሓድነት፣ኣፍቃሪት ቅዱስ ቁርባን፣ኣፍቃሪት ማርያም፣ልዑል ናይ ምስትምሃር ክእለት ዝነበረን. . . . ኣደን ሓፍትን ኢየን ክንብል ንክእል።**

**ክብርን ሞጎስን ነቲ ነዘን ከምዚ ዝ ኣመሰላ ቅድስቲ ኣደ ዝሃበና ኣምላኽ ይኹን ኣሜን!!!**

ሓናፂ ርዚና ኪዳነ መስከረም2020